# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.168 | ቀዳም 15 መጋቢት 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ




ገጽ 2 — ዜና

ገጽ 3 — ሃይፓትያ ዓል ኣሌክሳንድርያ



ገጽ 4 — ሕማም ብሩሴላ (ምቕላዕ) ኣብ ሰብን እንስሳን

ገጽ 5 — ግዜ ደይኽብር ሰብ?



ገጽ 11 — ዋንጫ ናጽነት፡ ኣብ ስተድዩም ኣስመራ ቀጺሉ




# ማእከል - ኣብ ወኪ፡ መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ግፍዕታት ጸላኢ ተዘኪሩ



መበል 50 ዓመት ዝኽሪ ግፍዕታት መዘኻኸሪ ስርዓት ኢትዮጵያ ኣብ ወኪ፡ ብ13 መጋቢት ተዘኪሩ።

ኣብቲ ዕለት፡ ጉዳያት ካብ ዝተቐትለሉ ክሳብ ኣሰከሬናም ዓረፉሉ ዘሎ ቦታ ሰልፊ ህዝብን ተመሃሮን ክኸይድ ከሎ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳር - ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ጉዳም ተጋዳሊት ሰሚይሽ ከርስ፡ ንዝኽሪ ሰማእታት ኣኽሊል ዕንባባ ኣንበሩ።

ሰራዊት ስርዓት ደርግ ብ13 መጋቢት 1975 ኣብ ልዕሊ ነበርቲ ወኪ ብዘየደዳ ኣረሜናዊ ግፍዒ፡ 9 ደቂኣንስትዮ ዝርከብኦም 34 ንጹሃን ዜጋታት ብኣልማማ ብምቕታል 195 ኣባይቲ ከምዝቃጸሉ ሰነዳት ታሪኽ የረድኡ።

ኣብቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ወኪ ኣቶ ጊላሚካኤል ተኽለማርያም ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ጸላኢ ካብ 1975 ክሳብ 1991 ኣብ ወኪ ብዘየደዶ ግፍዒታት ብጠቕላላ 61 ንጹሃን ዜጋታት ከምዝተቐትሉ፣ 23 ድማ ከምዝሰንከሉ ኣብሪሁ።

ጉጅለ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ኤርትራውያን ታሪኽ ይቕረ ዘይብሎ ግፍዕታት ከምዝፈጸሙ ዝገለጸ ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰረጀቓ ኣቶ ክፍለማርያም ገብረመስቀል፡ እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ንምሕዛንን ንምስቁርቋርን ዘይኮነ፡ እቲ ብጸላኢ ዝተፈጸመ ገበናት መንእሰያት ብጋቡእ ንኽፈልጥዎን ዝዓለመ ምዃኑ ኣረዲኡ።

# ሰልዓ - ሕክምናዊ ኣገልግሎት ንምስፋሕ ይስራሕ ኣሎ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰልዓ፡ ሕክምናዊ ኣገልግሎት ብምስፋሕ ነበርቲ ብቐረባ መሰረታዊ ኣገልግሎት ዝረኽብሉ ባይታ ንምፍጣር ኣብ ዝኸይድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ተራ ሕብረተሰብን ኣካላት መንግስትን ከፊሊ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ።

ሓላፊ ማእከል ጥዕና ርከብ - ነርስ እድሪስ ሁመድ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ዛጊት ሓንቲ ማእከል ጥዕናን ክልተ መደበራት ጥዕናን ተዋዲደንኳ እንተለዋ፡ ኣቀማምጣ ዓድታትን ሰበኹ ሶማማዊ መተባብርን ኣብ ግምት ዘእተወ ተበግሶ ክወስዳ ኣተሓሳሲቡ።

ኣብተን ትካል ጥዕና ዘይተዋደደለን ምምሕዳራት ከባቢን ዓድታትን 31 ኢጋር ሓኪዩም ሰልጢናም ከምእተመደበ፣ ከምኡ'ውን ማእከል ጥዕና ርከብ ኣብ ኣፍሲ-ወከፍ ክልተ ወርሒ ስቡሞያ ጥዕና ብምንቅስቓስ ፍወሳን ሓፈሻዊ ኣገልግሎትን ከምእትህብ ዝጠቐሰ ነርስ እድሪስ፡ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሓፃባኩታ ብህዝቢ ዝተወሰደ ትካል ጥዕና ናይ ምህናጽ ተበግሶ ደርሺት ዝፈጥር ብምዃኑ፡ ካልኣት ምምሕዳራት ከባቢ ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስዱ ኣዘኻኺሩ።

ነበርቲ ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፡ ሳላ ዝተኻየደ ጻዕሪ ኣገልግሎት ጥዕና እናተመሓየሸ ከምዝመጸ ብምጥቃስ፡ ዝርግሐን ኣቀማምጣን ዓድታት'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ግምት ዘእተወ ተበግሶ ተወሲዱ፡ ኣብ ቀረባኦም ዝግልገሉሉ ዕድል ክፍጠር ሓቲቶም።



## ምህለላ ኩናት

ኣብዚ ቅንያት'ዚ፡ "ኩናት ዘይተርፍ'ዩ. . . ጽቕጢ እንተዘይተገይሩ ካርታ ምብራቕ ኣፍሪቃ ክቕይር ዝኽእል ኣዕናዊ ኩናት ኣብ ቀረባ ግዜ ክበራዕ ይኽእል'ዩ. . . ማሕበረሰብ ዓለምን ሓያላን ሃገራትን ንምዕጋቱ ክጽዕሩ ኣለዎም" ዝድርሱ ምህለላ ኩናት፡ ኣእዛን ደላዪ ሰላም ህዝቢ ኣደንቂሩ ኣሎ።

ኣብዚ ዝዀርግ ዘሎ ምህለላ ኩናት፡ ከም ወትሩ ብወጹእ ሓሶታት ተሰኒዩ ስም ኤርትራ ክልዓል ይስማዕ'ዩ። "ሰራዊት ኤርትራ መሬት ትግራይ ሒዙ ኣሎ. . . ኤርትራ ስምምዕ ፕሪቶርያ ስለዘይማእምኣ ንምፍሻሉ ኩናት ክትውልዕ ትኽእል እያ. . . ሓደ ወገን ህወሓት ምስ ኤርትራ ወጊኑ ኣሎ. . . ኤርትራ ንፋኖ ትሕግዞም ኣላ. . . ብድሕሪ ኤርትራ ግብጺ፡ ስዑድያ ወዘተ. ኣለዋ" . . እቲ ሃለውለው መውዳእታ የብሉን።

ክፍለጥ ዘለዎ ሓቅታት፦

- ጸጋታት መሬት፡ ባሕርን ደሴታትን ኣብዚሖ ዝዓደሎ ህዝቢ ኤርትራ፡ ዘይናቱ ብሂጉን ጠሚቱን ኣይፈልጥን። ኣብ ታሪኹ ተወሪሩ እምበር፡ ወሪሩ ዝበል ጽያፍ ዛንታ ኣይርከቦን። ብቓላት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ "ዘይናትና ኣይንደልን፣ ናትና ኣይንሁብን" ፍሉጥ መትከሉ እዩ። ከንዲ ዝኾነ ኤርትራ ካብቲ ብበይን ኮምሽን ዶብ ዝተሓንጸጸን ዝተመልከተን ኣብ ካርታ ዓለም ዝሰፈረን ኣህጉራዊ ዶብ ወጻኢ፡ ዝሓዘቶ ናይ ዝኾነ ይኹን ወገን ሰድሪ መሬት የለን።

- ኤርትራ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይ ሃገራት ዞባና (ኢትዮጵያ፡ ሱዳን፡ ሶማል ይኹን ካልእ) ጣልቃ ኣትያ፡ ንሓደ ወገን ደጊፋ ነቲ ካልእ ከተጥቅዕ ረቡሓ ኮነ ድልየትን ሸውሃትን የብላን። ከም ውዕል ፕሪቶርያ ዝኣመሰለ ስምምዓት ድማ፡ ንሱብ ጉዳይ ዝምልከት እምበር ብቐጥታ ንኤርትራ ዝምልከት ኣይኮነን። ሱዳናዊ ጀነራል ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ፡ "ኤርትራ ደጋፊት ሓደ ወገን ወይ ካልእ ኣይኮነትን፣ ኤርትራ ኩሉ ሳዕ ደጋፊት ሓቂ እያ፡" ኢሉ ነይሩ። ብርግጽ ድማ፡ ባህግን ተጉዳስነትን ጻዕርን ኤርትራ፡ ናብ ሰላምን ርግኣትን ህዝብታት ዞባና ዝቐንዐ ጥራይ እዩ።

- ብኣመለኻኽታ ኤርትራ ኣብ ዝኾነ ክፋል ዞባና ዝኸፍት ኩናታት ምስጠሀሉ ናይ መላእ ዞባና ስክፍታ እዩ። ከንዲ ዝኾነ ካብ ግዳማዊ ምትእትታው ተሓፊሮ፡ ንዘቤታውያን ተዋሳእቲ ቀዳምነት ብምሃብ፡ ብምትሕግጋዝ ዞባውያን ሓይልታት ፍታሕ ክርከበሉ ኣለዎ ዝብል ንጹር መርገጺ ኣለዋ። ካብዚ መትከላዊ እምነት'ዚ ብምብጋስ፡ መንግስቲ ኤርትራ ሰላምን ጸጥታን ዞባና ከውሕስ ዝኽእል ርእይቶኡን መትከላቱን ኣሂሩ እናገለጸ፡ ኣብ መንጎ ህዝብታት'ዚ ዞባ፡ ሕውነት፡ ማዕርነትን ምትሕብባርን ዘማዕበለ፣ ሓባራዊ ቁጠባዊ ምዕባለን ሽርክነትን ዘደንፍዕ ባይታ ንምፍጣር፡ ብሃናጺ ጽምዶን ብምዝባርን ወፉይ ጻዕሪ ክካይድ ምጽንሑ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። ምስ ኩለን ሃገራት ዞባና ዘካይዶ ዲፕሎማስያዊ ጽምዶ ድማ፡ ብዘይካ ርግኣት ናይዚ ዞባ ካልእ ዛዕባ የብሉን።

ጾላም ንጹላም ክቐንጥጦ ኣይክእልን'ዩ፣ ብርሃን ጥራይ'ዩ ንጹላም ክቐንጥጦ ሓይሊ ዘለዎ። ምህለላ ኩናትን ምስዋር ጽልኢን ድማ ሰላምን ርግኣትን ከምጽእ ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ፡ ፍርሒን ምጥርጣርን፡ ጽልእን ግጭትን ኣብ ክንዲ ምስዋር፣ ሌይትን መዓልትን ንኩናት ኣብ ክንዲ ምምህላል፣ ንሰላምን ምትሕብባርን ምውፋይን ምትባዕን ይሓትት። ከምቲ ኣረስቶትል ዝበሎ፡ "ውግእ ካብ ምስዋር ንላዕሊ፡ ሰላም ምህናጽ እቲ ዝበለጸ ዓወት እዩ፡"

ቦርድ ክፍሊ ጋዜጣ

ዜና

# ሰ/ቀ/ባሕሪ - ብምኽንያት 8 መጋቢት ምርኢት ፈጣናት ጀላቡ ተኻዪዱ







ደቀኣንስትዮ ኣባላት ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ፣ ብምኽንያት 8 መጋቢት - ኣብ ራሱ-ሓሞሽ ኣብ ዝርከብ መሰልጠኒ ማእከል ምሕንባስ ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፣ ምርኢት ፈጣናት ጀላቡ ኣካዪደን።

ኣብ'ቲ ብ9 መጋቢት ዝተኻየደ ምርኢት፣ ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ፣ ግዝያዊ ሓለቓ ስታፍ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ኩሉኔል ኣሕመድ መሓመድ-ዓሊ፣ ከምኡ'ውን ኣብ ዝተፈላለዩ ጽፍሕታት ሓላፍነት ዝርከባ ደቀኣንስትዮን ካልኦት ዕዱማትን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣመሓዳሪት ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ወ/ሮ ኣስመረት ኣብርሃ ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፣ ነቲ ብደቀኣንስትዮ ባሕረኛታት ዝቐረበ ምርኢት ዘለዋ ኣድናቖት ድሕሪ ምግላጽ፣ ውጽኢት ናይ'ቲ ካብ ግዜ ሓርነታዊ ቃልሲ እናተኸሰከሰ ዝመጸ ኩሉ መዳያዊ ተሳታፍነት ደቀኣንስትዮ ንምርግጋጽ ዝተኻየደን ኸኣ ዝቕጽል ዘሎን ጻዕሪ ምዃኑ ኣረዲኣ።

ኣብ'ቲ ጉጅለ ባህሊ ሓይሊ ባሕሪ ኤርትራ ብዘቕረቦ መሰናድኦ ደሚቑ ዝሓለፈ መደብ፣ ኣብ ውድድራት ሓፈሻዊ ፍልጠት ንዝተዓወታ ሽልማት ተዓዲሉ።

# ሰንዓፈ - ቅነ ውዳበታት መንእሰያት ተዛዚሙ

ቅነ ውዳበታት መንእሰያት፣ ኣብ ምብራኽ ንቕሓትን ኣፍራይነትን ዓቢ ኣስተዋጽኦ ስለዘለዎ፣ ልዑል ኣቓልቦ ክወሃቦን ብውህደት ክስራሓሉን፣ ብ11 መጋቢት ኣብ ሰንዓፈ ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ንቑሕን ወፋይን ተቐባሊ ሕድሪ መንእሰይ ንምህናጽ ዝተፈላለየ መደባት ይውደብ ከምዘሎ ዝሓበረ፣ ሓላፊ ሃማመተኤ ኣብ'ቲ ን/ዞባ ኣቶ ሃብትኣብ ነጋሲ፣ ተራን ተሳትፎን ወለዲ ክዓዝዝ ተላቢዩ።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ጉብሩ ብወገኑ፣ ንኣገዳስነት'ቲ ቅነ ብምንጻር ዕላማኡ ድሕሪ ምብራህ፣ ሕብረተሰብን ኣካላት መንግስትን ሓላፍነት ወሲዶም ክደፍኡሉ ኣተሓሳሲቡ።

ውዳብ ሓይሊ ይፈጥር፣ ሓይሊ ድማ ናይ ምትግባር ብቕዓት ከምዝረጋግጽ ዝጠቐሰ ኣቶ ግርማይ፣ ቅነ ውዳብ ሃማመተኤ - ብቐንዱ መንእሰያት ንሓድሕዶም ተመኩሮ ክለዋወጡ፣ ሓሳባቶም ክወስዱን ሌላ ክፈጥሩን ሰፊሕ ዕድል ስለዝኸፍት፣ መንእሰያት ባህግታቶምን ድልየታቶምን ንምስማር ጻዕርታቶም ክሓይሉ ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሰንዓፈ ኣቶ እድሪስ ዓሊ ሽኩር ብወገኑ፣ ሃማመተኤ ዝንቡሉታትን ድሌታትን መንእሰያት ኣሊልዩ ንዘወስዶ ዘሎ ተበግሶታት ሞጒሱ።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፣ ኣብ 8ይ ክፍሊ ጸቢቒ ውጽኢት ንዘመዝገቡ ሽልማት 'ዲንደማ' ክወሃብ ከሎ፣ ኣብ ዝተኻየደ ውድድራት ንዝተዓወቱ ሽልማት ተዓዲሉ።




# ማይ-ዓይኒ- ሕጽረታት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምቅላል ተበግሶታት ይውሰድ

ኣብ ንኡስ ዞባ ማይ-ዓይኒ፣ ሕጽረታት ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ንምቅላል፣ ብደረጃ ከም ተበግሶታት ይውሰድ ኣሎ።

በዚ መሰረት፣ ነበርቲ እምባይቶ ምንጨ ዝሰተ ማይ ሰብን ጥሪትን ንምውሓስ ገዛኦምን ጉልበቶምን ኣወሃሂዶም ክሃጥፉ ከለዉ፣ ኣብ ዓዲ-ኑብሪን ቀርጺ ቐምጠን ድማ ጸቢት መማሃሪ ክፍልታት ንምፍታሕ ተወሳኺ ክፍልታት ይሰርሑ ከምዘለዉ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ኣመሓዳሪ ምምሕዳር ከባቢ ተኾላቢ ኣቶ ጸጋይ ዘርኡ፣ እምባይቶ ካብ'ተን ብሕጽረት ጽሩይ ዝሰተ ማይ ዝጸገማ ዓድታት ከምዝኾነት ብምግላጽ፣ ህዝቢ ሸግራቱ ንምፍታሕ ተወዲቡ ይሳተፍ ከምዘሎ ኣብሪሁ።

ኣቦመንበር ኮሚቲ ልምዓት እምባይቶ ኣቶ ሃይለ ተስፋማርያም ብወገኑ፣ እታ ትሰራሕ ዘላ ምንጨ ማይ ብክኢላታት ሃብቲ ማይ መጽናዕትን መርመራን ከምእተገብረላ ጠቒሱ፣ ኣብ መጻኢ ዝምልከቶ ኣካል ዘድሊ ናውቲ ስርዓት ቀረብ ማይ ከማልኣላ ተማሕጺኑ።

ብዘይካ'ዚ፣ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ቀላይ በዓልቲ፣ ካብ ኾቓጣ መዐደሊ ናብ ኣባይቲ ዝኣቱ ሻምብቆታት ማይ ናይ ምዝርጋሕ ስራሓት ይካየድ ከምዘሎ፣ እቲ ዝረኸብናዮ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ብኻልእ ወገኑ ነበርቲ ዓዲ-ኑብሪን ቀርጺ-ቐምጠኑ ምስ ምውሳኽ ብዝሒ ተመሃሮ ዘጋጠመ ጸቢት መማሃሪ ክፍልታት መጒኣታን ማእከላይን ደረጃ ንምፍታሕ፣ ብሓገዝ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ተወሰኽቲ ክፍልታት ይሰርሑ ኣለዉ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፣ ተመሃሮ ኣብያተ-ትምህርቲ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ገንሰልን ኳዓቲትን ኣብ ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም - ካብ ማይ-ዓይኒ ናብ ኳዓቲት ዝወስድ ናይ ሓመድ ጽርጊያ ብወፈራ ጸጊኖም።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጾ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም　　ትንሱእ ፍስሃየ

ሓበን ገብረኣምላኽ　　ሰሎሜ ኣፈወርቂ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጾ. 1284


# ጋሽ ባርካ - ኣብ እንጅሓይ፣ ወፈራታት ምዕቃብ ሓመድን ማይን ይሰላሰል

ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ እንጅሓይ - ንኡስ ዞባ ተሰነይ፣ ኣብ ምዕቃብ ማይን ሓመድን ዘተኩረ ማእቶታዊ ንጥፈታት የሰላስሉ ኣለዉ።

ኣብ'ቲ መደብ፣ መዓልታዊ ልዕሊ 400 ዓቕሚ-ሰብ ኣብ ምስራሕ ዛላ ብሓመድን እምኒን ይሳተፍ ከምዘሎ፣ ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ኣቶ መሓመድኑር እስማዒል ሓቢሩ።

እቲ ወፈራ፣ ኣብ መዝሞጊ ኣስታት 2 ሽሕ ሄክታር፣ ኣብ መሬት ሕርሻ ድማ 200 ሄክታር ንምዕማም ምዃኑ'ውን ኣፍሊጡ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፣ ንዝተዋህቦም መደብ ስራሕ ብኣድማዕነት ንምትግባር ብትግሃት ይሃጥፉ ከምዘለዉ ኣረጋጊጾም።



## ሎሚ ኣብ ERI-TV


| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኤርበክስ |
| 09:40 | ሃሎ ቁልዑ |
| 10:15 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | መልሲ ኣብ መስመር |
| 14:20 | ናትራን |
| 16:30 | መኣዝን ልምዓት |
| 17:05 | ሳይዳ |
| 18:00 | ደረት ቃና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ፊልም ረብዓት ምስ ደራሲን ዳይረክተርን |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ኰርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

ሌላ — ምስ መሃዝትን ስነፍልጠተኛታትን — ብሓጺሩ

## ሃይፓትያ ጓል ኣሌክሳንድርያ



ብዙሕ ክንገብሮ እንሓስብ ነገራት ክህልወና ይኽእል'ዩ። መዓልታዊ ክንገብሮ እንሓስቦ መደባት ሰኣን ምጅማርና ይተርፈና። ክንኰኖ እንሓስቦ፡ ሰኣን ምብጋስና ዘይንኾኖ ግዜ ብዙሕ ኣሎ። "ጽቡቕ ምጅማር ዳርጋ ፍርቂ ስራሕ'ዩ፡" ክብሉ ንሰምዕ ኢና። ከይተጀመረ ዝፍጸም ነገር የለን። "ካብ ጽባሕ ጀሚረ መጽናዕተይ ቤላ ገይረ ክጅምር'የ፡" "ካብ ጽባሕ ንንየው እዚ ኣመል ክገድፎ እየ፡" እናበልና ጽባሕ ክንገብሮ ብእንደልዮ ንምካሕ ወይ ንፍክር'ሞ ንጽብሓይቱ ዝረሳዕናዮ ብዙሕ ይህሉ ይኸውን። ክንገብሮ ንኽእል እንክለና ካብ መግባሩ ዘታርፈና ይገርመና ይኸውን እዩ። እታ ቀዳመይቲ እንወስዳ ስጉምቲ ቀላል ኣይኰነትን። ምጅማር ልክዕ ከም ምቕጻል ቀሊል ኣይኰነን። እቲ ክንገብሮ እንሓስቦ ኣብ ንጅምረሉ እዋን ክንልወጥ ንጅምር ኣለና ማለት'ዩ። ሎሚ ዝበዝሐ ካብቲ ክንገብሮን ክንኰኖን እንሓቦ ነገራት፡ ኣብዛ ዓለም ኣቓዲሙ እተሰርሐ ወይ እተበጽሐ ብምዃኑ፡ እቲ ክገጥመና ዝኽእል ተጻብኦ'ውን ኣቓዲሙ ንኻልኦት ዘጋጠመ እዩ። እቲ ፍልልይ፡ ነቲ ዝገጥመና ተጻብኦ እንብድሃሉ መንገድታት ጥራይ እዩ። ከምቲ ብዙሕ ግዜ እተገልጸ፡ እዞም ሎሚ ብኽብሪ እንጠቕሶም መሰረት ዘንጸፉልና ስነ-ፍልጠተኛታት፡ ኣብ ዕድመኦም ብሕሰረት ዝሕለፉዎ ብዙሓት ኣለዉ። እቶም ቀዳሞት ስነ-ፍልጠተኛታት ብባህልን ሃይማኖትን ሕብረተሰቦም ተኸቢቦም ብምንባሮም፡ ልዕሊ እቲ እንግምቶ ተቓውሞ፡ መግረፍቲ፡ ምንጻል፡ ማእሰርትን ካልእን ይውርዶም ነበረ። ሓድሽ ፍልጠት ሒዛ ብምቕልቃላ እተቐንጸለት ብ"ሃይፓትያ ኦፍ ኣሌክሳንድርያ" እትፍለጥ ግብጻዊት ስነ-ፍልጠተኛ ሓንቲ ካብኦም እያ።

ሃይፓትያ ካብ 370 ክሳዕ 415 ብህይወት ዝነበረት ስነ-ፍልጠተኛ ኰይና፡ ተወሊዳ ክሳዕ እትመውት ኣብ ኣሌክሳንድርያ ነበረት። ኵሉ ፍልጠት ሃይፓትያ፡ ካብ ፈላጥ ስነ-ቍጽርን ፍላስፋን ኣቦኣ ታኦን ዝረኸበቶ እዩ። ብ400 ዓ.ም. ናይ 'ፕሎቲኑስ' ትምህርቲ እትህብ ቤት ትምህርቲ ርእሰ-መምህር ኰይና ክትዓዪ እንከላ፡ ፍልስፍናን ቍጽርን ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ከኣ ንፍልስፍና 'ኒኦፕላቶኒዝም' ትምህር ነበረት። 'ፕሎቲኑስ' ኪንዮ እንሓስቦ ናይ መጨርሽታ ካልእ ሓቂ ከም ዘሎ ዝትንትን ኰይኑ፡ ሽቶ ናይ ህይወት ከኣ ነዚ ዘይብጻሕ ሓቂ ንምብጻሕ ምዃኑ ዝገልጽ ነበረ። ብተወሳኺ፡ ሰባት ነቲ ካልእ ሓቅን ተርታ ምዕባለታቱን ንኽርድኡ ኣእምሮኦም ዝበቅዕ ዘይምዃኑ'ውን ይገልጽ ነበረ። 'ኢምብሊካስ' ከኣ ነቲ ደረጃታት ዘርኢ ትምህርቲ ነበረ። ሃይፓትያ እዚ ፍልስፍናዊ ሓሳባት ወይ ኣምራት ብስነ-ፍልጠታዊ መንገዲ ልዕሊ እቶም ኣቓዲሞም እተቐልቀሉ ሰዓብቲ 'ኒኦፕላቶኒዝም' ኣርቂቓ ትምህረሉ ዝነበረት ኰይና፡ ብብዙሓት ተንተንቲ ኸኣ 'መሳጢት መምህር' ክትብሃል ከኣለት።

ሃይፓትያ ኣብቲ ብሃይማኖታዊ እምነቱ ነቐ ዘይብል ህዝቢ ዝነበረሉ ዝነበረ ግዜ ብዛዕባ ምስትምሃርን ስነ-ፍልጠትን ኣርኣያ ኰይና ክትወጽእ ከቢድ ነበረ። ንኸም ሃይፓትያ ዝኣመሰሉ ንፍልስፍናን ስነ-ፍልጠትን ዝግደሱ ሰባት "ኣረሜን" ይሰምዩዎም'ኳ እንተ ነበሩ፡ ኣብ ትሕቲ ሃይፓትያ ዝመሃሩን ክመሃሩ ዝደልዩን ዝነበሩ ክርስትያን ብዙሓት ነበሩ። ሓደ ካብኦም ጸኒሑ ኣቡን ዝኾነ ህቡብ 'ሳይነሱስ' ብዓል ሳይረነ እዩ ዝነበረ። ኣብ መንጎ ኣመንቲ ክርስትናን ዘይኣመንትን ዝነበረ ክርክር፡ ኵሉ ሳዕ ሃይፓትያ ትዝከርን ብዙሕ ካብ ትምህርትታታን ብሂላታን ይልዓልን ነበረ።

ሃይፓትያ ድሕሪ ውሑድ ዓመታት በቲ ዝነበራ ጸላዊ፡ ዓሚቝ ፍልጠታ ኣብ ስነ-ፍልጠት፡ እትምህሮ ትምህርትን እትፍጥሮ ዝነበረት ባይታን ንመራሕቲ ሃይማኖት ከቕስኖም ዝኽእል ብዘይ ምንባሩ፡ ብሓደ ኣማኒ ክርስትና ዝኾነ ፈላሲ ከም እትቕተል ተገብረ። ድሕሪ ሞታ ብዙሓት ካብ ተመሃሮን ክመሃሩ ዝደልዩን ዓዲ ውዒል ብምዃኖም፡ ኣሌክሳንድርያ መሰረት ፍልጠትን ስልጣነን ካብ ምዃን ከም ዝተዓንቀጸት ይንገር።


ናይ ሃይፓትያ መበቈላዊ ዝኾኑ ናይ ስነ-ቍጽሪ ስርሓታ'ኳ እንተ ዘየለዉ፡ ኣቦኣ ኣብ ዝገብሮ ኣብ ዝነበረ ናይ ጂኦሜትሪ መጽናትታት ብዙሕ መግለጺታትን ርእይቶታትን ባዕላ ትጽሕፍ ነበረት። ነቲ ኣቦኣ ብፍሉይ ኣብ 'Euclid's Elements' ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ ሓድሽ ናታ ኣጠማምታ ብምፍጣር ኣሓዲሳ ኣቕረበቶ። ነቲ ሃይፓትያ ዘዳለወቶ፡ ተመሃሮ ኣሌክሳንድርያን ግሪኽን ጸኒሖም ካብ ካልእ መጽሓፍቲ ብዝሓሸ ብቐሊሉ ክርድኦ ዝኽእል ብምንባሩ ይፈትዉዎን ኣጥቢቖም ይጥቀምሉን ነበሩ።

ብዘይካ እቲ ምስ ኣቦኣ ኰይና እትሰርሖ ዝነበረት፡ ኣብ እተፈላለየ ናይ ጂኦሜትሪ ቅርጺታት (ከም "ኮን")፡ ኣብ ኣርቲሜቲክን ካልኦት ናይ ስነ-ፈለክ ስራሓት ቀቡላት ዝኾኑ ርእይቶታት ጽሒፋ። እንተኾነ፡ ዳርጋ ኵሉ ጽሑፋታ ክጠፍእ እንከሎ፡ ጽሩይ ናይ ሃይፓትያ ፍልስፍና'ውን ክጸንሕ ኣይከኣለን። ውሑዳት ኣብ ስነ-ቍጽሪን ስነ-ፈለክን ዝገበረቶ መጽናዕትታት ግን ዝተዓቀበ ኣሎ።

ሃይፓትያ ብምእካብ፡ ምዕቃብ፡ ምምርማርን ምቅንባርን ናይ ስነ-ቍጽሪ መጽንዕትታት ስም ዘትረፈት ናይ መጀመርታ ንስነ-ቍጽሪ ዓቢ ኣበርክቶ ዝገበረት ጓል ኣንስተይቲ እያ።

ትዕግስቲ በረኸትኣብ

## ዳእላ ተመሃሮ



Applying for a Job There are three people applying for the same job. One is a mathematician, one a statistician, and one an accountant. The interviewing committee first calls in the mathematician. They say "we have only one question. What is 500 plus 500?" The mathematician, without hesitation, says "1000." The committee sends him out and calls in the statistician. When the statistician comes in, they ask the same question. The statistician ponders the question for a moment, and then answers "1000... I'm 95% confident." He is then also thanked for his time and sent on his way. When the accountant enters the room, he is asked the same question: "what is 500 plus 500?" The accountant replies, "What would you like it to be?" They hire the accountant.

ሚሪ ሚና

## ኣምራት ስነ-ፍልጠት

# ሕግታት ምንቅስቓስ ኒውቶን

"ዓለም ዝለወጠ ርኽበት"




ምንቅስቓስ ክግለጸሉ ዝኽእል ዝተፈላለየ መገዲ ኣሎ። ምንቅስቓስ ብሕንጻጻት፡ ስእሊ፡ ቍጽርን ቃላትን ክግለጽ ይኽእል። ንኹሉ ጠሚሩ ዘሰርሕ ሕግታትን ቀመራትን ድማ ኣሎዎ። ንምንቅስቓስ ክገልጽ ዝኽእል ሰለስተ ህቡብ ሕግታት ኣሎ። እዚ ኣብ 17 ክፍለ-ዘመን ብዝነበረ ስነ-ፍልጠተኛ - ኣይዛክ ኒውቶን - ዝቘመ፡ ነገራት ስለምንታይ ይንቀሳቐሱ ወይ ስለምንታይ ኣይንቀሳቐሱን ዝገልጽ ሰለስተ ሕግታት እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ሕታም ናይዚ ዓምዲ፡ ነቲ ቀዳማይ ሕጊ ርኢና ነይርና። ቀዳማይ ሕጊ ኒውቶን፡ "ኣብ ዕረፍቲ ዘሎ ግዛዕ (object) ከም ዘለዎ ኣብ ዕረፍቲ ይጸንሕ፣ ኣብ ምንቅስቓስ ዝርከብ ግዛዕ ኣብ ሓደ ፍጥነትን ኣንፈትን ክንቀሳቐስ ይጸንሕ። እዚ ዝኾነ ሓይሊ ኣብ ልዕሊኡ ምስ ዘይዋሳእ ይኸውን፡" ዝብል'ዩ።

ካልኣይ ሕጊ ምንቅስቓስ ኒውቶን ዝኾነ ሰብ ከይሓሰበ ክግንዘቦ ዝኽእል ሓቂ እዩ። ደቂ-ገዛውትን ደቂ-ክፍልን ክልተ ተመሃሮ ኣለና። ክልተና ኣብ ቤት ትምህርትና ዝርከብ ገረብ ማይ ከነስቲ ተኣዚዝና ኣለና። ኣነ ሓደ ጃሎን ማይ፡ ንሱ ኸኣ ሓደ ጀሪካን ማይ ተሰኪምና ኬድና። ካብ ክልተና ዝያዳ ሓይሊ ዘድልዮ መን'ዩ? እቶም "ንስኻ" ዝበልኩም ድሮ ንኻልኣይ ሕጊ ኒውቶን ተገንዚብኩሞ ኣለኹም። እዚ ሕጊ ንለውጢ ኣብ ቅልጣፈ (ሕና ወይ 'ኣክሰለረሽን')፡ ሓይሊ ('ፎርስ')ን ንርዝነት ናይቲ ግዛዕ ('ማስ') ዘዛምድ ሕጊ እዩ።

- ለውጢ ኣብ ቅልጣፈ (acceleration)፡ ኣብ ሓደ ካልኢት ዝቕየር ቅልጣፈ ናይቲ ምንቅስቓስ እዩ፣ ብሜተሮ/ካልኢት/ካልኢት ወይ "m/s²" ይዕቀን።

- ርዝነት ናይ ግዛዕ (mass of the object)፡ ብኪሎ-ግራም ወይ "Kg" ዝዕቀን እዩ፣

- ሓይሊ (force) ከኣ ብስም ነዚ ሕgታት ዘቘመ ኣይዛክ ኒውቶን ዝጽዋዕ ኰይኑ፡ ኒውቶን ወይ "N - Newton" ብዝብል መዐቀኒ ኣሃዱ ይዕቀን።

- ሓደ ኒውቶን ማለት፡ ርባሕ ሓደ ኪሎ-ግራም ዝርዝነቱ ግዛዕን ኣብ ሓደ ካልኢት ንዝገብሮ ለውጢ ቅልጣፈን እዩ።

- 1 ኒውቶን= 1 ኪሎ-ግራም X ሜተሮ/ካልኢት/ካልኢት እዩ፣ ወይ "$1N= 1Kg \times m/s^2$"፣

- ነዚ ኣዛሚዱ ዘርኢ ቀማረ፤ ሓይሊ= ርዝነት X ለውጢ ፍጥነት ኣብ ሓደ ኻልኢት፣ ወይ "$F= ma$" እዩ።

ካልኣይ ሕጊ ምንቅስቓስ ኒውቶን። ሓደ ግዛዕ ክድፋእ ወይ ክሰሓብ እንከሎ ከመይ ኢሉ ፍጥነቱ ይቕይር ዝገልጽ ሕጊ እዩ። ብቐሊል ዝበለ መገዲ ክንገልጾ እንክለና፤ ኣብ ሓደ ግዛዕ እነውዕሎ ሓይሊ፡ ነቲ ግዛዕ ፍጥነቱ ከም ዝቕይር ይገብሮ። ፍጥነቱ ክቕይር እንከሎ በቲ ናይቲ ዝደፍኦ ዘሎ ሓይሊ ኣንፈት ድማ ይጓዓዝ።

ኢልሃም ፈረጅ - ከረን

## ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ብመትከል ደው ትብለሉ እንተ ዘይብልካ፡ ብዝኾነ ወዳቒ ኢኻ።"

- Malcolm X

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ፊልማዊት መዓሾ

# ሕማም ብሩሴላ (ምቝላዕ) ኣብ ሰብን እንስሳን

## ብሰንኪ ዘይፈልሐ ጸባን ዘይበሰለ ስጋን ‘ብሩሴላ’ ክንሓምም ከም እንኽእል ንፈልጥዶ?

**ሕቶ፦ ሕማም ምቝላዕ ንሰብን እንስሳን ዘጥቅዕ ሓደገኛ ሕማም ምዃኑ ይዝረብ’ዩ። ንምዃኑ ሕማም ምቝላዕ እንታይ እዩ? ብዛዕባ ኣብ ሰብን እንስሳን ዘኸትሎ ሳዕቤናት፣ ምልክታቱን ኣገባብ መከላኸሊኡን እንታይ ትፈልጡ?**

**መልሲ፦** ብቐዳምነት ነዚ ዝቐረበ ሕቶ መብርሂ ዝሃበትና፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ሓላፊት ኣሃዱ ጥዕና እንስሳ ወ/ሮ መርሃዊት ተስፋይ ነመስግን።

ሕማም ምቝላዕ ወይ “ብሩሴላ” ሓደ ኻብቶም ብባክተርያ ዝኽሰቱ፡ ካብ እንስሳ ናብ ሰብ ክመሓላለፉ ዝኽእሉ ሕማማት እዩ። ነዚ ሕማም ዘስዕቡ ታህዋስያን ባክተርያ “ብሩሴላ” ይብሃሉ። እዞም ታህዋስያን እዚኣቶም ብዘጥቅዕዎ እንስሳ ይስየሙ። ንኣብነት ብሩሴላ ኣቦርተስ ኣብ ከብቲ፡ ብሩሴላ መለተንሲስ ኣብ ጤለ-በጊዕ፡ ብሩሴላ ሱኢስ ኣብ ሓሰማታት ከምኡ’ውን ብሩሴላ ካኒስ ኣብ ከልቢ ክጥቀሱ ይኽእሉ። እዚ ሕማም፡ ‘ሕማም ምብርዓን’ ተባሂሉ’ውን ይፍለጥ፤ ምኽንያቱ ምብርዓን ምልኣ፡ ሓደ ኻብቶም ቀንዲ ምልክታት ናይዚ ሕማም ስለ ዝኾነ። ሕማም ምቝላዕ፡ መጀመርታ ኣብ ደቂ-ሰብ ኣብ ደሴት ማልታ ስለ ዝተራእየ፡ ኣብ ሰብ “ማልታ ፌቨር” ተባሂሉ’ውን ይፍለጥ’ዩ። ሕማም ምቝላዕ ኣብ ጥዕና ሰብ፡ እንስሳን ዓለምለኻዊ ንግድን ልዑል ዝኾነ ጽልዋ ኣሎዎ። ዓመታዊ ኣስታት 500,000 ሰባት ብሕማም ምቝላዕ ከም ዝልከፉ መዛግብቲ ውድብ ጥዕና እንስሳ ዓለም ይሕብር።

### ጠንቅን ሳዕቤንን ሕማም ምቝላዕ ኣብ እንስሳን ሰብን

እቶም ቀንዲ ጠንቂ ሕማም ምቝላዕ ዝኾኑ ታህዋስያን ብሩሴላ፡ ኣብ ብልዕትን ጉለን ብብዝሒ ይርከቡ። በዚ ምኽንያት ከኣ ኣብ ጸባን ዝተነጸለ ድቅን ካልኦት ናይ ሰርዓተ መፍረ ፈሰስትን ይርከብ።

ኣብ ወዲ-ሰብ፡ ቀንዲ መበገሲ መልከፍቲ ሕማም ምቝላዕ፡ ዘይፈልሐን ወይ



ወ/ሮ መርሃዊት ተስፋይ

ዘይመኽነን ዝተበከለ ጸባን ውጽኢት ጸባን ምምጋብን ምስታይን እዩ። ሕማም ምቝላዕ ዘምጽኡ ብሩሴላ ዝተባህሉ ባክተርያ ኣብ ጸባ ብብዝሒ ይርከቡ። ስለዚ ካብ ሕማም ምቝላዕ ዝሓመመት እንስሳ (ላም፡ በጊዕ፡ ጤል፡ ገመል) እንረኽቦ ጸባ፡ በዚ ባክተርያ ዝተበከለ ይኸውን። ዝኾነ ሰብ፡ ነዚ ጸባ ይኹን ውጽኢት ጸባ ናይ ዝሓመመት እንስሳ ከይፈልሐ ወይ ከይመኸነ ምስ ዝሰትዮ ወይ ዝምገቦ፡ በዚ ሕማም ይልከፍ። ዘይበሰለ ስጋ ናይ ዝሓመመት እንስሳ ምብላዕ’ውን ንሕማም ምቝላዕ ከቃልዓና ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ኣብ ግዜ ሕርድን ሕክምናን ምስ ዝሓመመት እንስሳ ዝግበር ዘይጥንቁቕ ምትንኻፍ ሕማም ብሩሴላ ክመሓላለፍ ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ኣብ ግዜ ሕርሲ ሓገዝ ኣብ እንገብረሉ፡ ዘይጥንቁቕ ኣገባብ ምስ ዝኸውን፡ ንሕማም ምቝላዕ ክንቃላዕ ንኽእል። ክኢላታት ሕክምና እንስሳ፡ ሰራሕተኛታት ቤት ሕርዲ፡ ናይ ላቦራቶሪ ሰራሕተኛታት፡ ሓረስቶትን ጓሶትን፡ ተጠቐምቲ ውጽኢት እንስሳን ምስ እንስሳታት ቀርበት ዘሎዎም ሰባትን ንሕማም ምቝላዕ ዝተቓልዑ እዮም። ስለዚ ኩሉ ግዜ ብጥንቃቐ ክሰርሑ ይግባእ።

### ምልክታት ሕማም ኣብ እንስሳን ሰብን

ሕማም ምቝላዕ ኣብ ዝሓመመት እንስሳ፡ ብደጋዊ ኣቃውማኣ ክትፈልጦ ኣይከኣልን። እቲ ቐንዲ ምልክት ናይ’ዚ ሕማም፡ ምንጻል (ምብርዓን) ድቂ ኣብ ምልኣ ዘሎዋ እንስሳ እዩ። ዝበዝሕ ግዜ ምንጻል (ምብርዓን) ኣብ መንጎ ሓሙሻይን ሻብዓይን ወርሓት ናይ ምልኦ ግዜ የጋጥም። ካብ ሕማም ምቝላዕ ዘሎዋ እንስሳ ዝተወልደ ምራኽ፡ ድኹምን ዘይጥዑይን ኰይኑ ይውለድ። እዚ ኸኣ ድጉል ዝኾነ ሕማም ምቝላዕ ይህሉዎ ማለት’ዩ። ካልእ ምልክታት ድማ ፍርያት ጸባን ፍርያምነትን ይጉድል፣ ምድንጓይ መስኩብን (ሸለት) ረኽሲ ማህጸንን፡ ነድሪ መላግቦን የጠቓልል። ኣብ ተባዕትዮ ድማ ነድሪ ፍረ-ነብሲ የስዕብ’ሞ ከም ውጽኢቱ ኸኣ መኻንነት የኸትል።

### ኣገባብ ምትሕልላፍ ሕማም

ሕማም ምቝላዕ ብቐጥታ ምትንኻፍ ምስ ዝሓመመት እንስሳ ከምኡ’ውን ብታህዋስ ብሩሴላ ዝተበከለ ኣከባቢ፡ ዝተላሕጸጸ ቍስሊ፡ ልፋጮዊ መምብረይን (ምዩከስ መምብሬን)፡ ነድሪ ዓይንን፡ ብወሲብ (ስጋዊ ርክብ) ሰብ-ሰርሖ መፍረን ይመሓላለፍ። ዝተነጸለ (ዝተበርዓነ) ድቂ፡ ናይ መስኩብ ሸፋንን ፈሳስን፡ ዝተበከለ መግብን ማይን ቀንዲ መተሓላለፍቲ ናይ’ዚ ሕማም እዮም። ሓንቲ ዝሓመመት እንስሳ ድማ ንምሉእ መጓሰ ናይ ምብካል ልዑል ተኽእሎ ኣሎ።

### ኣገባብ ምክልኻል ወይ ፍወሳ ሕማም ኣብ እንስሳን ሰብን

ሕማም ምቝላዕ ዘስዕብ ታህዋስ፡ ኣብ ሰብነት ሓደ እንስሳ ካብ ዝኣተወሉ ጀሚሩ ተራቢሑ፡ ናይ መጀመርታ ምልክት ክሳዕ ዘርኢ ዘሎ ግዜ ናይ ‘ሕቝፎ እዋን’ ይብሃል። ናይ ‘ሕቝፎ እዋን’፡ ሕማም ምቝላዕ ካብ ኣስታት ክልተ ሰሙን ክሳዕ ሓደ ዓመት ኣቢሉ ይኸውን። ሓድሓደ እዋን’ውን ካብኡ ንላዕሊ ይዝርጋሕ። ምቝላዕ ድቂ ምስ ኣጋጠመ፡ ናይ ሕቝፎ ግዜ ኣስታት 30 መዓልትታት ይወስድ። እዚ ማለት፡ እታ እንስሳ በቲ ሕማም ተጠቒዓ ክንሳ ኣሉታዊ ምላሽ መርመራ ተርእየና። ስለዚ፡ ድሕሪ 30 መዓልትታት እንደገና ክንምርምራ ይግባእ ማለት’ዩ።



ብሓፈሻ በዚ ሕማም ዝተለኽፈት እንስሳ፡ እቲ ሕማም እና’መሓላለፈት ንነዊሕ ግዜ ከይተፈልጠት ክትጸንሕ ትኽእል’ያ።

ሕማም ምቝላዕ ንምፍዋሱ እተፈላለየ ሕክምናዊ መገድታት’ኳ እንተ’ተፈተነ፡ ውጽኢታዊ ክኸውን ኣይከኣለን። እዚ ማለት ምልክታት ይጉድል ወይ ይጠፍእ እምበር፡ እቲ ሕማም ኩሉ ግዜ ምስ ግዳይ ኣሎ። በዚ ምኽንያት ከኣ ዝተሓከመት እንስሳ፡ ሕማም ምቝላዕ ከተመሓላልፍ ትኽእል። ስለዚ ሕማም ምቝላዕ ንምፍዋስ ዝግበር ሕክምና ብዓይኒ-ቁጠባ ውጽኢታዊ ኣይኮነን። ስለዚ ዝሓመመት እንስሳ ክትውገን እዩ ዘለዋ።

ጽሬት ኣብ ምክልኻል ሕማም ምቝላዕ ዓቢ ግደ ኣሎዎ። ግቡእ ዝኾነ ምሕደራ እንሳሳታት ምኽታል፡ ማለት ዕጹው መንበሪ ምግባር፡ መለለዩን መፍለዩን ቁጽሪ ምጥቃም፡ ሓደስቲ ዝተገዝኣ እንስሳታት ምፍላይን ምምርማርን፣ መደቀሲ እንስሳታት ብጽሬት ምሓዝን ምምካንን ኣገዳሲ እዩ። ዝሓመመት እንስሳ ድማ ብኣፍልጦ ክኢላ ሕክምና እንስሳ ጥራይ ምውጋን የድሊ።

### ኣገባብ ምክልኻል ሕማም ምቝላዕ ኣብ ሰብ

ደቂ-ሰብ ንሕማም ምቝላዕ (ብሩሴላ) ብቐሊሉ ክከላኸልዎ ይኽእሉ’ዮም። ብግቡእ ዝፈልሐን ዝመኽነን ጸባን ውጽኢቱን ምምጋብን ምስታይን፣ ብግቡእ ዝበሰለ ስጋ ምምጋብ፣ መደቀስን መሕረስን ከብቲ ብግቡእ ምጽራይን መንጽሂ ወይ ሳኒታይዘር-መሳሊ ምጥቃም፣ ሓኻይም እንስሳ ምሉእ መከላኸሊ ልብሲ ክኽደኑን ክጥቀሙን፣ ምስ እንስሳታት ድሕሪ ምትንኻፍ ድማ ብግቡእ ማይን ሳምናን ተጠቒምካ ኣጽሪኻ ምሕጻብ ኣገደስቲ መከላኸሊ ሜላታት’ዮም።

***

## ብግዝፉ ክብረ-ወሰን ዝሰበረ ዓርሞሸሽ ዱባ

ቶት ቤልጁም 1,152 ኪሎ-ግራም (ልዕሊ 11 ኵንታል) ዝምዘን ክንዲ ንእሽቶ መኪና ዝግዝፉ ዓርሞሸሽ ዱባ ከፍርዩ ብምኽኣሎም፡ ኣቓልቦ ሓረስቶት ዓለም ስሒቦም። እቲ ዝሓለፈ 13 ጥቅምቲ 2024 ኣብ ከተማ ላድውግዝበርግ - ጀርመን ኣብ ዝተኻየደ ምርኢት ሕርሻዊ ፍርያት ዝቐረበ ዱባ፡ ብግዝፉ መወዳድርቲ ክረክብ ብዘይምኽኣሉ፡ ኣፍራዪኡ ቤልጁማዊ ሓረስታይ ማሪዮ ቫንጊል፡ ዘውዲ ቻምፕዮን ኤውሮጳ ክደፍእ ክኢሉ ኣሎ። ማሪዮ፡ ኣብ 2019 እውን ኣብ ሃገሩ ዝገዘፈ ዱባ ከፍሪ ብምኽኣሉ፡ ቻምፕዮን ኣቢሉ ከም ዝነበረ፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

ብተወሳኺ፡ ኣብ 2021 ብደረጃ ዓለም ካልኣይ ዝገዘፈ ዱባ ሒዙ ናብ ውድድር ብምቕራቡ፡ መዛረቢ ማዕከናት ዜና ዓለም ኰይኑ ከም ዝነበረ ይሕበር። ኣብ ትሕቲ ሓደ ናይ ሕርሻ ኩባንያ ተቖጺሩ ትራክተር ዝዘውር ወዲ 50 ዓመት ማሪዮ፡ ኣብ ገደናኡ ልዕሊ 11 ኵንታል ዝኽብደቱ ዱባ ከፍሪ ዘኽኣሎ ምስጢር - ምሩጽ ዘርኢ ስለ ዝውንን፡ ከምኡ ድማ ዝበለጸ ድኹዒ ስለ ዝጥቀም ምዃኑ ይገልጽ። እቲ ዝዓበየ ምስጢር ግን እንታይ ምዃኑ ከካፍሎ ከም ዘይደለ፡ እቲ ሓረስታይ ወሲኹ ይሕብር።

ጸብጻባት ከም ዘመልክትዎ፡ ኣብ 2023 ትራቪስ ጀንገር ብዝተባህለ ኣመሪካዊ ሓረስታይ ዝፈረየ 1,296 ኪሎ-ግራም (13 ኩንታል) ዝኽብደቱ ዱባ፡ ብደረጃ ዓለም ‘ዝገዘፈ’ ዝብል ክብረ-ወሰን ሒዙ ይርከብ። (goodnewsnetwork.org)



**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ሽባብ

ሃ ማ መ ተ ኤ

ማዕበል ንእስነት

# ግዜ ዶ ይኸብር ሰብ?

ኣዱሊስ ተስፋይ

"እዋይ ቅሳነት" በልኩ፡ ነታ እዝና ዝሸፍን መስምዒ ሙዚቃ ሰኹዓ ብሸናዕታ ናበይ ትመጽእ ዝነበረት ሚካል እናጠመትኩ። ክንደይ ደቓይቕ ከም ዝደንጎየት ዝተሰቈራ ኣይትመስልን። "ዝተሃርመ እምበር ዝሃረመ ዶ ይስምዖ?" እናበልኩ ኣስተንተንኩ። ደንጉኻ ምምጻእ ከይተልምደኒ ፈሪሐ። ኣሉታዊ ልምዲ ምስ ምኽንያቱ ክቕበሎ ኣይመረጽኩን። ልክዕ ልክዓ ከስምዓ እምበር ሸለል ክብል'ውን ኣይክእልን። ስቕታ ምስምማዕ እዩ ዝመስል። ጽርግያ ቈሪጻ ናበይ በጽሐት።

"ሚካል ቊሩብ ናይ ሰብ የብልክን ድዩ? ስክፍታን ኣኽብሮትን ሰብ ዝብሃል ኣይትፈልጥን፡" በልክዋ ብሓውሲ ሕርቃን።

"እዉይ ብቐርንኺ ተቐቢልክኒ፡" እናሰሓቐት ንሕቶይ ክትዓግቶ ፈተነት። ተግባራታ ኣደንጺወኒ። ካብኡ ንላዕሊ ሕቶታት ከቕርበላ ኣይሓሰብኩን ነይረ። ምሕታተይ ትርጉም ዝህልዎ'ውን ኣይመሰለንን ነይሩ። ዓሽ ዓሽ እያ ንሰብ ተሰክሮ። ስለዚ፡ እናተጋገየት ሰቕ ኢልካ ምቕባል ጽቡቕ ኣይኮነን።

"ኣብ ክንዲ ኣነ ዝለምዶ ንሳ ነብሳ ክትቀጽዕን ክትነቅፍን እዩ ዝግባእ፡" በልኩ ብውሽጠይ። ወቓሲ ዘረባይ ክትላመዶ የብላን። ኣነ'ውን ንጌጋኣ ክለምዶ ኣይግባእን። ግንባረይ ኣሲረ ተጸዊገ ተቐበልክዋ።

"ሚካል፡" እናበልኩ ምዕጉርተይ ሃብክዋ። ስምዒተይ ከዊለዮ እምበር ክሓብኦ ኣይከኣልኩን።

"ሳሪ-ሶሪ" ኣተቀባጥረለይ። ሓቑፋ ሰዓመትኒ። ሰላምታ ኣየጽገብክዋን። "እንታይ ኣምጽኦ ድኣ?" ብላዕሊ ኰነትለይ። ኣተኲረ ጠመትክዋ። "ስለምንታይ ኢና ሰባት ሓደ ዓይነት ቀርበት ዘይብልና? ገሌና ብስክፍታ ቀርበት ማንቲለ ንኽደን፡ ካልኦት ከኣ ዜሮ ስክፍታ ቀርበት ሓርማዝ ዝለብሱ?" እናበልኩ ንገዛእ ርእሰይ ሓተትኩ።

ብጉጅለ ዝሰራዕ ዕዮ ገዛ እዩ ተዋሂቡና።

"ንኺድ በሊ፡" ካልእ ዘረባ ከየልዓልኩ ተበገስኩ።

"ሰላምታ እባ ኣጽግብና፡" ሰሓቕ ሰዓራ ሚካል። ሓቀኛን ዝለምድክዎን ሰሓቕ እዩ። ስለምንታይ እናፈለጠትኒ ትኾሪ ኢላ እያ ብኣይ ተገሪማ። ክኸውን ከም ዘይነበሮ'ውን በቲ ልሙድ መመኸነየታ ኣረመትኒ።

"ፌሩዝ ኣይመጽኣትን ጥራይ ከይትብልኒ? ሄለን ድኣ ክትውሕጠና እንድያ፡" ንነብሳ ሓራ ገይራ ንፌሩዝ ናብ ምኽሳስ ሰገረት። በይና ብዙሕ ተዛረበት። ሰለስቴና ኣብ ከባቢ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ክንራኸብ ተቛጺርና። ሄለን መሓዛና ግን ኣብ ቤት ንባብ ኣስመራ እያ ክትጸንሓና።

"ፌሩዝ መኣስ እያ ኣብ ቆጸራኣ ክትርከብ?" ንኣይን ንነብሳን ሓተተት ሚካል። ሰብ፡ ኣብ ጉንዲ ዓይኑ ዘሎ በሰር ገዲፉ ናብ ካልእ እዩ ዝጥምት ንዝብል ተደጋጋሚ ዘረባ ዳንኤል ሓወይ ዘኪረ፡ ንሕቶኣ ኣይመለስኩላን። ትም ጥዑም ትብል ራድዮ።

ስቕታይ ንፈለማ እዋን ከበዳ።

"ሳሪተይ ክንደይ ዶ ደንጉየ እየ። ሰዓት ከማን ዘይመልአት?" ካብ ቀዳማይ ዳሕራዩ ዝገድድ ዘረባ ኣስመዓትኒ። ንኣይ ግን ሰዓትን ዓሰርተ ሓሙሽተ ደቒቕን ደንጒያትኒ ነይራ።

"ኣብ ጃፓን ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሰዓት ሰለስተ ሚእቲ ማካይን እየን ተገጣጢመን ናብ ዕዳጋ ዝቐርባ፡" ከም ሕርቓ ኢለ መለስኩላ። ዘረባይ ኣብ ቶክዮ ፋብሪካ ማካይን ዝሰርሕ ሰብ ኣምሰልክዎ። ንስለ ምስላን ዘረባን ዝዝውተሩ ጥቕስታት ጸጸኒሑም እዮም ዘሕስቡኒ።

"ቶዮታ ጃፓን መዓረይሲ ንበይንኺ ኢኺ፡" እናበለት ብዘረባይ ሰሓቐት። ቅድሚኡ ዝነበሩ ሰባት ተገልቢጦም ርኣዩና። ኣብ ዙርያና ዝነበሩ ሰባት ኵላቶም ናባይ ጠመቱ። ኣነ ተዳሂለ። እግረይ ምእዛዝ ኣበየኒ። ሚካል ግን መሊሳ ሰሓቐት። ሽዑ 'ደሃሊ ሰሓቕ ሰብ ካብ ጥይት ንላዕሊ ከም ዝቐትል' ኣስተውዓልኩ።

"ብጃፓን ብቻይና ብጀርመን ብፈረንሳ ክትምስሊ እኳ ተኸኽ ኣቢልክና። እዋእ ክንደይ ግዜ ኣሎ ይኸሪታ። ኣይትሓዝለይ ኢለኪ፣ ተጸዊግኪ። ከስሕቐኪ ፈቲነ፣ ኰርፊፍ ኢልክለይ። ሕጂስ ከኣ ብጃፓን ክትምስልኒ፡" ከም ዝሓረቐት መሲላ ተዋሰአት።

ግዜ፡ ምስጢር ዓወትን ሃብትን ጀፓናውያን ምኻኑ ትገልጽ ደኩመንታሪ ፊልም ባዕላ እያ ሂባትኒ። በታ ፊልም ግን ኣይተማህረትን። ኣይተጠቐመትላን'ውን። ሚካል ኣንጻር ዳኒኤል ሓወይ እያ።

ዳንኤል፡ "ሰብ ንብረተይ ድኣ እምበር ግዜይ ክሰርቀኒ የብሉን። ምኽንያቱ፡ ንብረት ክትክኦ እኽእል እየ። ግዜ ግን ኣይትክኦን እየ፡" እናበለ እዩ ዝዛረብ። ነቲ ዝብሎ ቃላት'ውን ብግብሪ ይትርጒሞ እዩ። ከም መምርሒ ህይወት ይኽተሎ። ንትርጉም ግዜ፡ ክብሪ ግዜ፡ ምሕደራ ግዜን ካልእን ዝገልጽ ስእልታት ኣብ መደቀሲኡ ኣሎ። ክድቅስ ክትስእን "ግዜ ጐይታ እዩ፡" ዝብል የንብብ።

"ሰብ፣ ሓያልን ድኹምን ኣፍራዩ ዘይኣፍራይን፡ ዕዉትን ስዑርን ክኸውን ዝኽእል ብኣጠቓቕማ ግዜ እዩ፡" ዝብል ምኽሪ ዳንኤል ሓወይ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ-ኩነት ተቐቢለዮ። ኣብ ሰዓተይ ዝመደክዎ ስራሕ ኣብ ሰዓተይ ክውድእ እፍትን። ቆጸራ እንተ ድኣ ደንጒየ ሓሙሽተ ደቒቕ ቀዲመ ኣብ ቦታ ቆጸራ እርከብ።

ሓደ ግዜ ዳንኤል ሓወይ ብዛዕባ ቆጸራ ዝተጠቕመሉ መግለጺ ንመሓዙተይ ነጊረየን ነይረ። "ዘኽብረካ ሰብ ኣብ ሰዓት ቆጸራኡ እዩ ዝርከብ። ዝደንጉ ሰብ ንነብሱ ዘየኽብር እዩ። ብዘይ ቅቡል ምኽንያት ቆጸራ ዝጠልም ሰብ ገበነኛ እዩ። ስለዚ፡ ምኽባር ግዜ ባህሊ ከይተቐየረ ምዕባለ ኣይመጽእን እዩ።"

ብዘይካ ሄለን ነቲ መግለጺ ሚካልን ፌሩዝን ኣይተቐበልኦን።



ሽዑ፡ "ግዜ እኳ ወርቂ እዩ፡" በልክዋ ንሚካል መሓዛይ።

"ክንደይ ካራት ጓለይ?" ሓተተትኒ። ካራት ዝብል መምዘኒ ናይ ወርቂ እፈልጥ ኣይነበርኩን። በቲ ኣጋጣሚ ምፍላጠይ እኳ እንተ ኣሐጐሰኒ፡ እቲ ኣሸሙር ግን ኣሕሪቑኒ ነይሩ።

ብስቕታ ናብ ካተድራ ገጽና ኣምራሕና።

"ክትመሓየሺ ኣይትኽእልን ዲኺ?" ድምጸይ ኣትሪረ ሓተትክዋ።

"ምምሕያሽ እኳ ነታ ዘይተመሓየሸት ኢኺ ትብልያ። ኣነ ካብ ምምሕያሽ ሓሊፈስ ምዕብልቲ እንድየ ተቐይረ፡" እናሰሓቐት መለሰትለይ። ዘረባኣ ግን ዋዛ ኣይነበረን።

"ምዕባለ እንታይ ድዩ?" ዓይኒ ዓይና እናጠመትኩ ሓተትክዋ።

"ምስ ግዜ ዝኸይድ ማለት እዩ። ሞደል ዘዘውትር፡ ማርክ ዝኽደን፡ ሓድሽ ሓድሽ ዝውንን፡" እናበለት ናብተን ሓደስቲ ጫማኣ ደነነት። ካብ ጸጉሪ ርእሰይ ክሳብ ጽፍሪ እግረይ'ውን ጠመተትኒ። ቱታ ምኽዳነይ ባህ ከም ዘይበላ ብዓይና ኣርኣየትኒ። ርእሰይ ነቕነቕኩ።

"ሓቀየ ምሽ ሳሪ ሓፍተይ! ግን ካልእ ተዛማዲ ትርጉም ከይህልዎ ከኣ ንስኺ ንገርኒ። ምዕብልቲ ሰብ ትብልያ ከመይ ዘበለት እያ?" ሕቶይ ናባይ መለሰቶ።

"ንግዜኣ ብዝግባእ ትጥቀመሉ እያ ምዕብልቲ ሰብ፡" በልክዋ።

ንእወታ ርእሳ ነቕነቐትለይ። ዝተረድኣትኒ መሲሉኒ ተሓጒስኩ። ብዋጋ ግዜይ እንተ ድኣ ተረዲኣቶ እኹል እዩ። ካብ ክትዕ ወጺእና እናዕለልና ናብ ህዝባዊ ቤት ንባብ ኣስመራ በጻሕና።

ልቦና

## ኣነቓቓሒ ዛንታ

ሱራፌል ተ.

### ኢልካ ኢልካ ናበይ!?

ሓደ ኣሜሪካዊ ነጋዳይ ምስ ስድርኡ ናብ ሓደ ገምገም ባሕሪ ናይ ሓንቲ ኣብ ሜክሲኮ ትርከብ ዓዲ ከደ። ሓደ ገፋፍ ዓሳ ጃልባኡ እናጀለበ ናብቲ ወደብ ተጸገዐ። ኣብታ ንእሽቶይ ጃልባ ውሑዳት ብጫ ዝሕብሮም ቱና ዓሳታት ነበሩ። ነዚ ዝረአየ ኣሜሪካዊ ምስቲ ገፋፍ ዓሳ ዕላል ከፈተ።

"ነዞም ዓሳታት ክትሕዝ ክንደይ ግዜ ወሲዱልካ?" ክብል ሓተቶ።

"ቊሩብ፣ ብዙሕ ግዜ ዝወስድ ኣይኰነን፡" ክብል መለሰ ገፋፊ ዓሳ።

"እሞ ዝነወሐ ግዜ ጸኒሕካ ዝበዝሑ ዓሳታት ዘይትገፍፍ?"

"ንዕለታዊ እንጌራ ስድራይ ዝኸውን ዝኣክል ሒዘ'የ።"

"ግን'ኮ ...፣ ዝተረፈ ግዜኻ እንታይ ትገብረሉ?"

"ኣርፊደ እትስእ፡ ዓሳ ገፊፈ እምለስ፡ ምስ ደቀይ እጻወት፡ ቀትሪ ምስ ብዓልቲቤተይ ቀም ነብል፡ ኣጋ ምሸት ኣብዚ ዓዲ ሸነን እብል፡ ንምሸቱ ምስ ኣዕሩኸተይ ነቢት እናመዓጉና ጊታር ንጻወት፣ ምሉእ መዓልቲ ትሑዝ ግዜ'ዩ ዘለኒ፡" ክብል መለሰ እቲ ሜክሲካዊ ገፋፊ ዓሳ።

እቲ ኣሜሪካዊ ኣባጨወ። "ኣነ ምሁር ናይ ሃርቫርድ እየ፣ ክሕግዘካ እኽእል'የ። ንምግፋፍ ዓሳ ዝያዳ ግዜ ሃቦ። ዝያዳ ዓሳ ብምሻጥ ዝዓበየት ጃልባ ክትገዝእ ትኽእል ኢኻ። ካብኡ ቀጺልካ፡ ካብኣ ትዓቢ ትገብር። ብእኣ ጌርካ ኸኣ ካልኦት ዓበይቲ ጀላቡ ክትገዝእ ኢኻ። ሽዑ ጭፍራ መራኽብ ክህልዋኻ እየን። ዝገፈፍካዮም ዓሳታት ኣብ ክንዲ ንኻልኦት ነጋዶ እትህቦም፡ ባዕልኻ ክትሸይጥን ከተከፋፍልን ትኽእል ኢኻ። ናትካ ናይ መዐሸጊ ፋብሪካ ዓዲግካ ኸኣ ባዕልኻ ዓሺግካ ትሸይጥ። ዓሳ ተገፊፉ፡ ተመስሪሑ፡ ተዓሺጉ ክሳብ ዝሸየጥ፡ ባዕልኻ ትቈጻጸሮ። ካብዚ ንእሽቶይ ዓዲ ወጺእካ ኸኣ ናብ ሜክሲኮ-ሲቲ ምግዓዝካ፣ ሽዑ ናብ ሎስኣንጀሎስ፡ ድሕሪኡ ናብ ኒውዮርክ። ከምዚ ኢልካ ዋኒንካ ተዕብዮ፡" ድሕሪ ነዊሕ ዘረባ ኣዕረፈ ኣሜሪካዊ።

እቲ ጽን ኢሉ ክሰምዕ ዝጸንሐ ሜክሲካዊ፡ "እዚ ትብሎ ዘለኻ ንኽበጽሕ ክንደይ ግዜ ይወስድ?" ክብል ሓተተ።

"15 ክሳዕ 20 ዓመት ክወስድ ይኽእል ኢለ እግምት፡" መለሰ ኣሜሪካዊ።

"ሽዑ ኸ?"

ኣሜሪካዊ በቲ ዓሻ ሕቶ ኢሉ ዝሓሰቦ ሰሓቐ'ሞ፡ "እቲ ዝበለጸ ክፋል ህይወትካ ደኣ ሽዑ እንድዩ ክኸውን። ናይ ዋኒንካ ብርክታት ብምሻጥ ሚልዮናት ክትከስብ ትኽእል ኢኻ።"

"ሚልዮናት ዶ በልካ! ሽዑ ኸ?"

"ሽዑ ደኣ፡" በለ ኣሜሪካዊ እናሃድኣ፣ "ጥሮታ ትወጽእ። ናብ ንእሽቶይ ናይ ገማግም ዓዲ ትግዕዝ። ኣርፊድካ ትትንስእ፡ ንመዓልቲ እኹል ትገፍፍ፡ ምስ ደቅኻ ትጻወት፡ ምስ ብዓልቲቤትካ ቀትሪ ቀም ተበል፡ ኣጋምሸት ኣብ ጐደናታት እታ ዓዲ ሸነን ትብል፡ ንምሸቱ ኸኣ ምስ ኣዕሩኽትኻ ነቢትካ እናመዓጐካ ጊታር ትጻወት።"

"ኢልካ ኢልካ ኢልካ ናብኡ እንተ ኹይኑ ደኣ እነብሮ እንድየ ዘለኹ፡" መለሰ ገፋፊ ዓሳ።

inspirationalstories.com

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣቶ ሚልኪያስ መሴ ክፍለማርያም፡ ኣቦና መሴ ክፍለርያም ግደይ ስለዝዐረፈ፥ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ኣብርሃም ዓንደገርጊስ ኪዳነ ምግቢ ተረፉ፥ ኣብርሃ ዓጽመገርጊስ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሄርሞን ብርሃ ስዩም ምግቢ ተረፉ፥ ወረደ ብርሃ ስዩም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/4/2025 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ደሳለ ጉብረመስቀል ተስፋሚካኤል ምግቢ ተረፉ፥ ደሴ ጉብረመስቀል ተስፋሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/2025 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ልኡል ኪዳማርያም ሃብተጋብር ምግቢ ተረፉ፥ ሉልያ ኪዳማርያም ሃብተጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/2025 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ወ/ሮ ምሕረት ክፍለ ዘርኡ፥ ብዓል ቤተይ ተኽለ ሃብተገርግሽ ዘርኡ ስለዝዐረፈ፥ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፥ 1 ወድና ከኣ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ።

ሕጋውያን ወረስቲ ናይ ወላዲና ነፍ/ኣርኣያ ባይሩ ክፍለ ምዃንና ቤት ፍርዲ ብዝረጋገጸልና መሰረት፡ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ቁ.ምስክር ወረቀት 110610 ብመወከሲ ቁ101583/101584 ብስም ወላዲና ዝተመዝገበ ኣብ ዞባ ማእከል፥ ምም/ን/ዞባ ጸጸራት (ዞባ 5 ምም/03) ጎደና ሁ፥ ቁ.ገዛ 17 ዝርከብ ገዛ ናብ ስም ወረስቲ ክንመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ሒዙ ናብ ቤ/ጽ ፓፕሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ቤ/ጽ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ፡ ኦርጂናል ሰነድ ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምዃንና ንሕብር።

ምሳዮና ኣርኣያ

ኣነ ዓዲጋይ መሓመዲ ዑስማን ዓሊኸር ዝተበሃልኩ፥ ምስ ሽያጢ ኣቶ ዓብዱ ዓሊበኸት መሓመድ፡ ኣብ መንጎና ብዝነበርናዮ መተኣማመኒ ሰነድ መሸጣ ነቲ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 01 ፕሎት 53 ፓርሰል PoP 53 ዚፕ ኮድ 6K-1374፥ ጎደና 355፡ ብመለለዪ ቁ.ንብረት 6BRKRN000653.2 ዝተመዝገበ ገዛ ንትካል ዘገልግል፡ ስፍሓቱ፡ 465 ብ480 ሰ/ሜትር ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ዝገዛእኩዎ፡ ብዕድጊ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፥ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

መሓመዲ ዑስማን ዓሊኸር

ኣነ ተቐባሊ ሕድገት ማሕሙድ ህያቡ ዑመር ዝተበሃልኩ፥ ምስ ሓዳጊት ወረስቲ ነ/ሄር ህያቡ ዑመር መሓመድ፡ ኣብ መንጎና ብዝነበርናዮ መተኣማመኒ ሰነድ ሕድገት፥ ነቲ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 02 (ሓሽላ ኢትዓብር) ብመወከሲ ቁጽሪ 409140 ዝተመዝገበ ገዛ፥ ስፍሓቱ፡ 355 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብሕድገት ዝተወሃበኒ፥ ብሕድገት ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፥ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ማሕሙድ ህያብ ዑመር

ብስም ኣቦና ደና. ወልደየውሃንስ ጉብረዝጊ፥ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቁ/ምስክር ወረቐት 119651 መወከሲ ቁጽሪ 11 8804 ኣብ ቤ/ጽ/ፓብሊክ ኖታሪ ድማ ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1BRASM008512 ዝተመዝገበ፥ ኣብ ከተማ ኣስመራ ከባቢ ማእከል ከተማ ጎደና ማትኣ (ጎደና ራስ በዮን በራኺ ነር) ኣብ 2ይ ደርቢ ዝርከብ ገዛ ክፋሉ ብውህብቶ ስለዝተወሃበኒ፥ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግና ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሶፍያ ወልደየውሃንስ

ኣነ ዓዲጋይ ኢብራሂም በሽር ኢብራሂም ዝተበሃልኩ፥ ምስ ሽያጢት ወ/ሮ መርየም ኣሕመድ ዑመር፥ ኣብ መንጎና ብዝነበርናዮ መተኣማመኒ ሰነድ መሸጣ፥ ነቲ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 06፥ ጎደና 308 ፕሎት 148 ብመለለዪ ቁ.ንብረት 6BRKRN000024/0 ዝተመዝገበ ገዛ ስፍሓቱ፡ 19X16.50 ት/ሜትር ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ዝገዛእኩዎ፡ ብዕድጊ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂልሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፥ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምዃነይ ኣሕብር።

ኢብራሂም በሽር ኢብራሂም

ኣነ ዓዲጋይ ጉብረንጉስ ሃብተማርያም ኣድሓኖም ዝተበሃልኩ፥ ምስ ሽያጢ ኣቶ ርስተት መብራህቱ ሚካኤል፥ ኣብ መንጎና ብዝነበርናዮ መተኣማመኒ ሰነድ መሸጣ፥ ነቲ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ን/ዞባ ከረን ከባቢ 06 ዞን 02 ጉደና 403/406፥ ዚፕ ኮድ 6K-1332፣ ፕሎት 31 ፓርሰል P ብመለለዪ ቁ.ንብረት 6BRKRN000454/1ዝተመዝገበ ገዛ ስፍሓቱ፡ 200 ት/ሜ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ዝገዛእኩዎ፡ ብዕድጊ ናብ ስመይ ከመሓላልፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፥ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ዞባ ዓንሰባ ከረን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየየ ክፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ጉብረንጉስ ሃብተማርያም ኣድሓኖም

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ኣኻሻውል ከባቢ ዕዳጋ ዓርቢ (ዞባ 7 ምም/02 ነር) ጎደና ደጆ. ተ/ማርያም ቁ.ገዛ 123 ዝርከብ፥ ኣብ ኮሚሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 115475 መወከሲ ቁጽሪ 110280 ዘይንቀሳቐስ ገዛ፥ ብስም ሓትና ነ/ሄር ርሻን ዘርኣ ወልዱ ዝተመዝገበ ብውርሲ ዝረኸብናዮ ገዛ፥ ናብ ስም ወረስቲ ክንመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፥ ሕጊ ብዘአዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ፥ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጸም ምዃንና ንሕብር።

ኣቶ ተኸስተ መኮንን ተሰማ +3

## NOTICE

Notice is hereby given to the public that "**PAULOS Private Limited Company**" has been formed among the following members.

**A)** Shareholders

| S/N | Full Name | Nationality | Address | No. of Shares | Share Value |
|---|---|---|---|---|---|
| 1 | Mr. Teklehaymanot Tareke Kafel | Eritrean | Asmara | 100 | 1,000,000 |
| 2 | Mrs. Tsehaynesh Berhe Teklu | Eritrean | Asmara | 100 | 1,000,000 |
| | **Total** | | | **200** | **2,000,000** |

**B)** The head office of the company will be in Asmara and branch offices may be opened anywhere within and outside Eritrea.

**C)** The total fully paid up capital of the company is Nakfa two million (2,000,000.00) divided in to two hundred (200) at par value of Nakfa 10 thousand (10,000.00) each.

**D)** The business purposes of the company shall be:

- To engage in the recycling of steel and manufacturing mechanical engineering
- To engage in the partition of vehicles and various metallic products
- To engage in the manufacturing of metal furniture, fixtures, spares and others
- To engage in the business of garage, tire repair, tire retreading & car wash services
- To engage in the business of hotel, bar, restaurant and recreation services
- To engage in the business of modern irrigated agriculture, animal breeding, dairy farm, horticulture and related activities
- To engage in the business of general trade activities, wholesale and retail of agricultural products, spare parts, agricultural, building and industrial materials and others
- To engage in the business of import/export, commission agent or representation of manufacturer and traders, wholesale, and retail of related activities.

Generally to carry out any other activities related to its object and purposes or any profession or services connected with or ancillary to the general business of the company.

**E)** Mr. Teklehaymanot Tareke is appointed as the general manager for unlimited period of time.

**F)** The company is established for unlimited period of time.

**PAULOS PRIVATE LIMITED COMPANY**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲት ሳባ ኣሰፋው በየ፡ ተኸሳሲ ዳኒኤል ሓድጉ ብሩ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ተኽለት ገብረኣብ ዓይነመላን ብርሃ ወልደገርግሽ ወልዳይት ወድና ዓብለም ተኽለት ገብረኣብ ስለዝዘሰወት፡ ንሕና ወለዱ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

የናስ መሓሪ ባህታ ምባል ተረፉ፡ የናስ ምሕራይ ባህታ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ኣብ መንጎ ከሳሲት ወ/ሮ ኣወጣሽ ይሕደጎ ወልደታትዮስን ተኸሰስቲ ወረ/ፍ ኣማኑኤል ገብረሂወት ገብረን ዘሎ ናይ ስም ዋንነት ናይ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ምትሕልላፍ ጉዳይ፡ ተኸሰስቲ 1.ሄለን ኣማኑኤል ገብረሂወትን 2.ኣርሴማ ኣማኑኤል ገብረሂወትን ኣድራሻኽን ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዕክን ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን8/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ቅረባ፡ እንተዘይቀሪብክን፡ ጉዳይክን ኣብ ዘየለኽናሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ምልእተ ህያብ በለጠ ተስፋጋብር ምባል ተረፉ፡ ህያብኤል በለጠ ተስፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ጸጋይ ተኽለ ተስፋይ ምባል ተረፉ፡ ዳኒኤል ተኽለ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ከሳሲ ኣኽሊሉ ተኽለ ቀሰም፡ ተኸሳሲ የማነ ግርማይ ቀለታ፡ ንምትሕልላፍ ስም ዋንነት ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ደረስ ኣስመላሽ ተኽሉ፡ ኣዴና ተብርህ ኣብርሃ ገብረስላሴ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ህልዋት ኣሕዋተይ 1ሰወአ ሓውናን ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣቶ ጆርጅ ክፍለም ክፍለዝጊ፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ርግኣት ወልደእየሱስ ተኽሉ ናይ ውክልና ምስራዝ ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ኣብርሃም ገብረኣብ ሓጎስ፡ ብዓልተ በተይ ጸገና መሪ እምነት ስለዝዓረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ከሳሲት ወ/ሮ ለተሚካኤል ተኽሉ ወኪል ኣቶ የማነ ያቆብ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳልሕ ኣሕመድ ዓብደሉ ወኪል ኣቶ ኣሕመድ መሓመድሓሰን፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ሂወት ኣብርሃ ወልደገብርኤል፡ ብዓል በተይ ተስፋይ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣልማዝ መርሃይ ወልደትንሳኤ፡ ኣደይ ወልዳይ ንገሰ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንግስቲ ነጋሲ ምባል ተረፉ፡ ሰንበቱ ፍትዊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ፍጹም ተስፋገርግሽ መብራህቱ፡ ብዓል በተይ ደበሳይ ገብራይ ስለዝዘሰወ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማስለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ሳልማ ኣልኣሚን መሓመድሰዒድ ምባል ተረፉ፡ ሳልማ ኣልኣሚን መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሚካል ሃብተም ኣሮን ምባል ተረፉ፡ ሚልካ ሃብተም ኣሮን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዩርዳኖስ ተስፋይ ተስፋስላሴ ምባል ተረፉ፡ ዩርዳኖስ ተስፋኣለም ተስፋስላሴ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የውሃንስ ጸጋይ ከሰተ ምባል ተረፉ፡ ዓወት ዓብደልዓለም ሓሰን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ሳራ ወልዱ ፍቓድ ምባል ተረፉ፡ ሰላም ወልዱ ፍቓዱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ናህም ተስፋይ ጸጋይ ምባል ተረፉ፡ ፍሊሞን ተስፋይ ጸጋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ምኪኤል ዝበሉ በየነ ምባል ተረፉ፡ ሃብተም ዝበሉ በየነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ቅዱሳን በርህ ኣማን ምባል ተረፉ፡ ቅዱሳን ገብረገርግሽ ክብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ደማ ደስታ ተኽለም ምባል ተረፉ፡ ንግስቲ በርህ ኣማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ሓሊማ ኢብራሂም መሓመድ፡ ስም ኣቡሓጎ ናይ ኣደይ ኢብራሂም ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ትርሓስ ፍስሃየ ማርዩ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሚካኤል ሜሓሪ በራኺ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ሳምሶም ሓጎስ ተስፋዝጊ ምባል ተረፉ፡ ሰምኦን ሓጎስ ተስፋዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ክፍለዝጊ ሃይለ ተኽሉ፡ ኣቶ ፍስሃ ሃይለ ተኽሉ፡ ብዕለት 14/6/25 ካብ ሃገር ምስ ወጸ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ናይ ጥፉእ መረጋገጺ ሰነድ ይወሃበኒ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰሲት ርግኣት ጸጋይ ገብረገርግሽ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፋኣለም ተስፋሚካኤል መሓሪ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ጀሚላ ሳልሕ እስማዒል ምባል ተረፉ፡ ጀሚላ መሓመድ ሳልሕ እስማዒል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣሕመድ ሳልሕ እስማዒል ምባል ተረፉ፡ ኣሕመድ መሓመድ ሳልሕ እስማዒል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰሲት ወ/ሮ ለምለም ተኽሉብርሃን ተስፋስላሴ፡ ተኸሳሲ ኣቶ የውሃንስ ገብረማስቀል ገብረሂወት፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

ከሰስቲ ወረ/ነ/ሄር ኣወዓለት ሃይሉ፡1 ወ/ሮ ኣልጋ በ.ተው ጋርድ፡ 2/ፍ/ሄር ሰዩም በ.ተው ጋርድ ብተተኳኢቲ ደቁ 1.በንያም 2.ናኣድ 3.ሊሉያ 4.መርሃዊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃይለ በ.ተው ጋርድ 2.ነ/ሄር በየነ በ.ተው ተተካኢት ጓሉ ሰለማዊት በየ፡ ንዓኹም ዝምልከት ናይ ወርሻ ምክፍፋል ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/3/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምኳኑ ንፈልጥ።

---

ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ምምሕዳር. ሓዝሓዝ ጎደና ሰ ቁ.ገዛ 39/41 ቁ. ሎታ 31 ስፍሓት መሬት 105 ት/ሜ ቀንዲ ክፍሊ 4 ሓገዝቲ ክፍሊ 2 ቁ. ምስክር ወረቐት 110868 መወከሲ. ቁ107568 ብስም ን/ሄር ፍስሃ ራእሱ ክፍለ ዝተመዝገበ ብውርሲ. ዝረኸብናዮ፡ ናብ ስም ወረስቲ ከሲጋገር ስለዝኾንና፡ ዝቃወም እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂልሉ እንተሃይሩ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ቤት ጽሕፈት ኖታርን ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለና ኦርጅናል ሰነዳት ጉዳይና ክንውድእ ምዃንና ንሕብር።

ሞንስ ፍስሃ ራእሲ +4

---

ኣነ ሰላማዊት ግርማጼን ገብረማስቀል +5 ዝተበሃልኩ፡ ምስ መዋርስቲ ኣሕዋተይ ናይ ወላዲትና ሕጋውያን ወረስቲ ምዃንና ቤት ፍርዲ ብዝረጋገጸልና መሰረት፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ጸጸራት ምምሕዳር. ዝባን በዱ ጎደና 185-5 ቁ.ገዛ-ፕሎት 7 ፓርሰል D ስፍሓት መሬት 220.5 ት/ሜ መለለዪ ቁ.ንብረት 1BRASM015147 ብስም ወላዲና ኣፍ/ግርማጼን ገብረማስቀል ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታርን ካዳስተርን የቕርብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ጉዳይና ከፈጸም ምዃንና ንሕብር።

ሰላማዊት ግርማጼን ገብረማስቀል +5
ወኪል ዳዊት ተስፋዝጊ

---

ብስም ፍቓድ ኪዳ በርህ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00042022 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና 113-4 ቁ.ገዛ-ዝርከብ ናይ ድኳን ሃለኽቲ ኣቑሑትን ትካለይ ንወ/ሮ ትርሓስ በርህ ወልደገብርኤል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና መንገሎ ቁ.ገዛ-ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፡ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውምኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ፍቓድ ኪዳ በርሀ፡ ሕጋዊ ወኪል የውዳር ሳልሕ ኣሕመድ
ሕጋዊ ወኪል የርዳኖስ መተሃን

---

ኣሞይ ወ/ሮ ሮማ ቦኽረጽዮን ዓሸብራይ፡ ዕለት 26/12/2024 መሰኻኽር ኣብ ቅድሚ ዝተረኽቡሉ ኣብ ዞባ ማእከል፡ ን/ዞባ ጎዳይፍ ፕሎት 112 ፓርሰል ኣይ ብመለለዪ ንብረት ቁ.0535 ካብ ሚ/ሪ መ/ማ/ኣከባብን ክፍሊ መሬት ብቁ/መዝገብ 000945 ናይ ዕለት 15/06/2001 ብስማ ኣብ ዝተመርሓለ ቦታ ሓደ ቀንዲ ክፍልን ሓደ ሓገዚ ክፍልን ተሰሪሕዎ ዝርከብ፡ ብህያብ ስለ ዝሃበትኒ ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታሪ፡ ቤ/ጽ/ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘየለ ግን ናብ ስመይ ከመሓላለፍ ምዃነይ እሕብር።

የውሃንስ ኣብርሃም ሃብተሚካኤል

---

ኣነ ሰላማዊት ግርማጼን ገብረማስቀል +5 ዝተበሃልኩ፡ ምስ መዋርስቲ ኣሕዋተይ ናይ ወላዲትና ሕጋውያን ወረስቲ ምዃንና ቤት ፍርዲ ብዝረጋገጸልና መሰረት ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገጀረት ምምሕዳር. ኣልጌን ጎደና ዓደለት ገምሆት 177 ቁ.ገዛ 17-19 ፕሎት 91 ፓርሰል C2 ስፍሓት መሬት 271 ት/ሜ መለለዪ ቁ.ንብረት 1:011441/1 ብስም ወላዲትና ኣፍ/ሃገር ተስፋጼን ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ናብ ስምና ከመሓላለፍ ስለ ዝደለና፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ብሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መወዳእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓፕሊክ ኖታርን ካዳስተርን የቕርብ። ተቓዋማይ እንተዘይቀሪቡ ጉዳይና ከፍጸም ምዃንና ንሕብር።

ሰላማዊት ግርማጼን ገብረማስቀል +5
ወኪል ዳዊት ተስፋዝጊ

---

ኣቶ ኣብርሃም ተኽለማርያም ተስፋዝጊ፡ ዝተፈቕደለም ናይ ቤት ቁርሲ ንግዳዊ ትካሎም "ሚከኤለ ጋርደን ቤት ቁርሲ" (MIKIELE GARDEN SNACK BAR) ተባሂሉ ክሰየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋብና ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከምንምዝግቦ ንፈልጥ።

ክፍሊ ወሳጣዊ ንግዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;

Project Metallurgist
Number required – (01)
Type of contract – Definite (2 years)

Major Duties and responsibilities

- The Project Metallurgist will be responsible for overseeing all metallurgical aspects of the new concentrator under construction, including reviewing metallurgical test works, carrying out recommended test work, setting up the new metallurgical laboratory, and ensuring plant operational readiness.
- The role will involve providing technical leadership and guidance during commissioning and operations, particularly in the context of copper and zinc (Cu and Zn) concentrator processes.
- The successful candidate will possess significant experience in Cu and Zn concentrator commissioning and operations, as well as leadership experience in managing teams and driving process optimization efforts.

TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS

Metallurgical Test Work Review & Execution:

- Review and assess metallurgical test works (e.g., flotation, gravity concentration, leaching, etc.) performed during the design and construction phases.
- Collaborate with engineering and operations teams to recommend additional or supplementary test work to support process design and optimization.
- Supervise or carry out additional test work as required, ensuring all processes meet project specifications and operational requirements.

Laboratory Setup:

- Lead the establishment and commissioning of a new metallurgical laboratory for the concentrator.
- Ensure that the laboratory is equipped with the necessary tools and equipment for various metallurgical testing procedures.
- Oversee the installation, calibration, and maintenance of laboratory equipment, ensuring compliance with standards

Process Development & Optimization:

- Collaborate with design and operations teams to ensure that metallurgical processes align with the concentrator's objectives and operational goals.
- Develop strategies for optimizing ore recovery, minimizing waste, and improving the overall efficiency of the plant's processing operations.
- Support process optimization during the commissioning phase, adjusting parameters as required based on test results and performance data.

Plant Operational Readiness:

- Provide metallurgical support in preparing the plant for operation, ensuring the smooth transition from construction to full operational status.
- Develop and implement operational readiness procedures related to metallurgical processes, ensuring that the plant meets all technical, safety, and environmental standards.
- Work with the commissioning team to test and validate all metallurgical systems and processes prior to plant start-up.

Training & Knowledge Transfer:

- Assist in training operators, laboratory staff, and other relevant personnel on metallurgical procedures, laboratory testing methods, and the use of equipment.
- Provide technical guidance and support to ensure the ongoing optimization of the concentrator's metallurgical processes post-commissioning. Industry standards and safety regulations.

Reporting & Documentation:

- Prepare detailed reports on test work, laboratory performance, and operational readiness, including results, recommendations, and action plans.
- Document test work procedures, equipment setups, and operational protocols for future reference and continuous improvement.

Safety & Compliance:

- Ensure all metallurgical activities are conducted in compliance with safety regulations, industry standards, and company policies.
- Participate in safety audits and risk assessments related to metallurgical operations.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents

- Bachelor of Metallurgical / Chemical Engineering, Mineral Processing, Bachelor of Science – Minerals Engineering

Working Experience – Nature & Length

- Proven experience (15 years) working as a Metallurgist in a mineral processing plant, preferably in concentrator operations.
- Strong knowledge of metallurgical testing methods, laboratory procedures, and process optimization techniques.
- Experience with commissioning, plant start-up, and operational readiness in a mining or processing environment.
- Ability to analyze data, identify issues, and propose effective solutions.
- Strong communication skills and ability to work collaboratively with multidisciplinary teams.
- Proficiency in the use of metallurgical modeling and analysis software.
- Knowledge of safety, environmental, and regulatory requirements in metallurgical operations.
- Experience in troubleshooting and resolving metallurgical issues in a copper and zinc concentrator setting.
- Familiarity with international metallurgical standards and best practices.

Technical Skills

- Strong analytical and problem-solving skills.
- Excellent organizational and time-management skills.
- Attention to detail and high standards for quality and safety.
- Ability to work independently and as part of a team.
- Previous experience setting up metallurgical laboratories or commissioning new processing plants.
- Advanced degree in Metallurgical Engineering or related field.

Behavioral Skills

- Ability to manage, guide, and mentor teams in a high-pressure environment.
- Ability to analyze data, identify issues, and propose effective solutions.
- - Strong communication skills and ability to work collaboratively with multidisciplinary teams.
- - Proficiency in the use of metallurgical modeling and analysis software.
- - Knowledge of safety, environmental, and regulatory requirements in metallurgical operations.

General Information and other requirements:

- Place of Work: AMSC Sites
- Type of contract: Definite Period (2 Years)
- Salary: As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Applicants shall be required to send a copy to:
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.

- Address: Please mail your applications to;
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- Note to Eritrean applicants:
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ ዘይተማህረ ኣገልጋሊ

## ጽውጽዋይ

ቅድሚ ሓያሎ ዓመታት ኣብ ዓዲ ሰናይ እትብሃል ዓዲ፡ ሓደ ትምህርቲ ዘይፈቱ ህበይ ነበረ። ስሙ ኣበሰሮም ይብሃል። ኣበሰሮም ብዘይ ምምሃሩ ግዲ ገይሩ ኣይፈልጥን። ወለዱ ንኽመሃር ብዙሕ'ኳ እንተመኽሩ ሰማዒ እዝኒ ኣይረኸቡን። ብኸምዚ ድማ ግዜ ሓለፈ።

ኣበሰሮም ጉብዘ፡ ስራሕ ክሰርሕ ድማ ደለየ። ፈቐዶኡ ኩሉል እናበለ ድማ ስራሕ



ክናዲ ጀመረ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ሓደ እንዳ ሃብታም ስራሕ ረኸበ።

ኣበሰሮም፡ ዝረኸቦ ስራሕ ተለኣኣኺ ናይቲ ሃብታም ህበይ ነበረ። ብዝረኸቦ ስራሕ ሕጉስ ኮይኑ ክሰርሕ ተሰማምዐ።

ኣበሰሮም፡ ሓደ ወርሒ ዝኣክል ከም ተለኣኣኺ ኣብ ቀጽሪ ናይቲ ሃብታም ኮይኑ ሰርሐ። እቲ ሃብታም ህበይ ንኣበሰሮም ስለዝኣመኖን ብስርሑ ስለዝከኣዶን ተለኣኣኺ ናይ ጎደቦ ዓድታት ክኸውን ሓረዮ።

ኣበሰሮም ድማ ኣመና ተሓጎሰ። ብሕጉስ መንፈስ ድማ መልእኽቱ ኩብጽሕ ቃል ኣተወ።

ሓደ መዓልቲ እቲ ሃብታም ህበይ ንኣበሰሮም ጸውዖ።

ህበይ ኣበሰሮም ብጉያ ኣብ ቅድሚ እቲ ሃብታም ህበይ ቁመ።

እቲ ሃብታም ህበይ፡

"ሕራይ እምበኣር ኣበሰሮም ሎሚ ንመጀመርታ ግዜ እየ ዝልእኸካ ዘለኹ። ስለዚ፡ ኣብ ልእኮኻ ትኩርን እሙንን ኮይንካ ክትከውን ተስፋ እገብር። ኩሉ ግዜ እሙን ኩን። እሙን ኣገልጋሊ ተፈታውን ሕጉስን እዩ" ብምባል ክመኽሮ ጀመረ።

ህበይ ኣበሰሮም፡ "ሕራይ ጐይታይ ከምዝበልኩምኒ ትኩርን እሙንን ክኸውን እየ። ብስርሐይ ድማ ከሐጉሰኩም ልዕሊ ዝኾነ ክጽዕር እየ። ብምሉእ ልበይ ከገልግለኩም ከኣ ቃል እኣቱ። ጐይታይ ብኣይ ኣይትጠራጠሩ!" ብምባል ብርእሰ ተኣማንነት ተዛረበ።

እቲ ሃብታም፡ "ሕራይ ግርም! በል ኣብ'ዚ ዘንቢል ዘሎ ፍሩታ ናብ 'ዓዲ ምሃብ' ኣብዛ ጎደቦና ዘላ ዓዲ ኢኻ ከተብጽሓ። ኣብታ ዓዲ ምስ በጻሕካ፡ 'ኢያ ኩሉ' ዝበሃል ጋውና ኣሎ። ሓቲትካ ነዚ መልእኽቲ ኣብጽሒካሉ ተመለስ። ዝበለካ ድማ ብትኽረት ኣዳምጾ፡ " በሎ።


"ሕራይ ጐይታይ ከምቲ ዝበልኩምኒ ክገብር እየ። ብስርሐይ ድማ ክትሕጎሱ ኢኹም፡" ህበይ ኣበሰሮም ክምስታ ኣሰንዩ ተዛረበ።

"ስለዚ፡ ከይደንጎኻ በጺሕካ ተመለስ" እቲ ሃብታም ህበይ ኣፋነዎ።

ይቕጽል...

## ፍልልያት ርኸቡ?

ፍቱዋት ተመሃሮ ካብዘን ክልተ ስእልታት 10 ፍልልያት ርኸቡ?



## ግድል ደደ

በዘን ተዋሂበን ዘለዋ ቁጽርታት፡ ነተን ኣብ ታሕቲ ተዋሂበን ዘለዋ ውጽኢት ብምድማርን ምጉዳልን ሰርሑወን። ሓንቲ ቑጽሪ ሓደ ግዜ ኣብ ምድማር ወይ ምጉዳል ምስ ተጠቀምኩምላ፣ ካልኣይ ግዜ ክትጥቀሙላ ኣይትኽእሉን ኢኹም። ስለዚ፡ ከይደገምኩም ነተን ውጽኢት ሰርሑወን።

| | | | |
|---|---|---|---|
| 9 | 4 | 1 | 2 |
| 5 | 6 | 3 | 0 |

### ብምድማር

[ ] + [ ] = 5

[ ] + [ ] = 7

### ብምጉዳል

[ ] - [ ] = 6

[ ] - [ ] = 6

ኣብዚኣ ቁረጽዋ

ስም፡ ______

ቤት ትምህርቲ፡ ______ ክፍሊ፡ ______

ኣድራሻ፡ ______ ዞባ፡ ______

ሞባይል፡ ______ ወይ ______

ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ፡ ብፍላይ ዓምዲ 'ተርሙማ'፡ 'ውድድር ተርሙማ' መበል ዓሰርተ ክልተ ግዜ ኣካይድና ምንባርና ይዝከር። ሎሚ ድማ መበል ዓሰርተ ሰለስተ ውድድር ኣዳሊና ኣለና። ኩሉ ተመሃራይ ክሳተፍ ንዕድም። <u>ዕስራ</u> ዕዉታት ተመሃሮ ክሽለሙ ምዃኖም ንሕብር። መልሲ ኣብ ጋዜጣ እንተዘይኮይኑ ኣብ ወረቐት ጽሒፍካ ምስዳድ ኣይፍቀድን። ስለዚ፡ ኣብዛ ሕቶታት ሒዛ ዘላ ጋዜጣ መልሲ ብምጽሓፍ ነዛ ጋዜጣ ክትሰዱልና ንሕብር። ድምሳስ ዘበዝሖ ቅቡል ኣይከውንን። መልሲ ብጶስጣ ይስደድ። ኣድራሻ፡ ቍ.ሳ.ጶ 4336 ኣስመራ ኤርትራ እዩ። መልሲ ክሳብ ዕለት 22-03-2025 ክበጽሕ ኣለዎ። ሰናይ ውድድር!

### ሀ. ሕቶታት እንስሳታት


1. ንኸልቢ ክንሰጉግ እንታይ ኢልና ንሰጉግ?
   መልሲ፡ ______
2. ንምራኽ ክንሰጉግ እንታይ ኢልና ንሰጉግ?
   መልሲ፡ ______
3. ንዕየት ክንሰጉግ እንታይ ኢልና ንሰጉግ?
   መልሲ፡ ______
4. ንበቕሊ ክንሰጉግ እንታይ ኢልና ንሰጉግ?
   መልሲ፡ ______
5. ንጤል ክንሰጉግ እንታይ ኢልና ንሰጉግ?
   መልሲ፡ ______

### ለ. ሕቶታት ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራ

1. ኣብ ኤርትራ ቀዳመይቲ ኣመሓዳሪት ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ መን እያ?
   መልሲ፡ ______
2. ኣብ ኤርትራ ናይ ሚኒስተርነት መዓርግ ዝረኸበት ቀዳመይቲ ጓል ኣንስተይቲ መን እያ?
   መልሲ፡ ______
3. ኣብ ናይ ኤርትራ ባጤራ ናቕፋ (ወረቐት) ክንደይ ደቂ-ኣንስትዮ ኣለዋ?
   መልሲ፡ ______
4. ኣብ ቅድድም ብሽክለታ ቀዳመይቲ ዕውትቲ ዞር ኤርትራ መን እያ?
   መልሲ፡ ______
5. ፕረዚደንት ሃማደኤ መን ትበሃል?
   መልሲ፡ ______

### ሐ. ግድል

ኣብዛ ተዋሂባ ዘላ ስእሊ ክንደይ ቅኑዕ ርቡዕ ኩርናዕ ኣለዋ። ተበላሓቱ! ሰናይ ስራሕ!



መልሲ፡ ______

### መ. ሓፈሻዊ ሕቶታት

1. መቐሰ ዝመሃዘ ፍሉይ ሰነ-ጥበበኛን ሊቅን መን ይበሃል?
   መልሲ፡ ______
2. ኤርትራ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ውድድር ኦሎምፒክ መዓስ ዓመተ ምህረት ተሳቲፋ?
   መልሲ፡ ______
3. ተባዕታይ ፈረስ ኣርብዓ ኣስናን የብቕል። ኣንስተይቲ ፈረስ (ባዝራ)'ኸ?
   መልሲ፡ ______
4. ኣብ ሓንቲ ወርሒ መበል ዓሰርተው ኣርባዕተ መዓልቲ ቀዳም እንተውዒላ፡ እታ ወርሒ ኣበየናይቲ መዓልቲ ጀሚራ?
   መልሲ፡ ______
5. ናብ ጠፈር ዝተላእከ ቀዳማይ እንስሳ እንታይ ይበሃል?
   መልሲ፡ ______

# ደቂ-ኣንስትዮ

ሃማደኤ

## ሓያል ጓል-ኣንስተይቲ ሰራሕተኛ - ሓያል ትካል

ሚርያም የሴፍ

መብዛሕትኡ እዋን እቲ ኣብ ሃገርና ምስ ደቂ-ኣንስትዮ ተኣሳሲሩ ዝለዓል ከም ማዕርነት፡ ጀንደር፡ ማዕረ ተሳትፍኦትን ካልእን ዝኣመሰለ ኣምራት፡ ብደረጃ ዓለም'ውን ብቐጻሊ ይዝረበሉ እዩ። እዚ ኣምራት'ዚ፡ ዓለም ብምልእታ ኣብ ጸጸባሕ እተድምጾ ኣምራት ደኣ ይኹን እምበር፡ ካብ ኣተረጓጉማኡ ጀሚርካ ክሳብ ግብራውነቱ ምስ ተመክሮ ተቐማጦ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይፈላለ እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ መንጎ ክልተ ጾታታት ዘሎ መረዳእታታት ብባህላዊ ኣቃውማን ልምድታትን ናይቲ ሕብረተሰብ ዝጽሎ እዩ። በዚ ምኽንያት እዚ፡ ኣብ ገለ ሕብረተሰባት ኣዝዩ ስልጡን ዝኾነ ልምድታት ክህሉ ኸሎ፡ ኣብ ገሊኡ ድማ ንሕቶ ጓል-ኣንስተይቲ ዝሕሊ ጥራይ ዘይኮነ ነቲ ማሕረታዊ ሰብኣዊ መሰላት'ውን ምሉእ ዝሁብ ኣይኮነን።

ሃገራት፡ ዝኾነ ኣብ ሕብረተሰባት ዝንጸባረቕ ፍልልያት ኮነ መረዳእታታት ሓደ ጠማሪ ባይታ ክፈጥራ ስለዝኾና፡ እዚ ፍልልያት ኣብ ምጽባብ ተራ ዘለዎም ፖሊሲታት ይድግፋ። እንተኾነ ኩለን ሃገራት ወይ'ውን ሕብረተሰባት ተመሳሳሊ ጥሙሕን ንቕሓትን ሃልዩወን እዚ ኣብ መንጎ ክልተ ጾታ ዝርኤ ዓመጽን ፍልልያትን ክጽበብ ዝሀቅን ባይታ የዋድዳ ማለት ኣይኮነን። ኣብዘን ደሞክራሲ ከም ሃይማኖት ዝሰፈሰለን ኣብ ዝለዓለ ቁጠባዊ ምዕባለ ዝርከባ ሃገራት'ውን እንተኾነ ኣብ ጉዳይ ደቂ-ኣንስትዮ ዘለወን መረዳእታ ከምቲ ክኸኖኦ ዝግባእ ዘይኮነሉ ኣጋጣሚታት ውሑድ ኣይኮነን።

ንኣብነት፡ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ 2015 ብዝተገብረ መጽናዕቲ ካብ ጠቕላላ ብዝሒ ህዝቢ እታ ሃገር እተን 50.8% ደቂ-ኣንስትዮ እየን። ካብዚአን እተን 46.7% ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ናይታ ሃገር ዝሰርሓ ኣካል ናይቲ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ እየን። ካብዚአን እተን ኣብ ምሉእ ናይ ስራሕ ሰዓታት (full time job) ዝሰርሓ ደቂ-ኣንስትዮ ምስ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ክወጻጸር ከሎ ግን 80.5% ኣታዊ ይህልወን። እዚ ማለት ድማ ብሰንኪ እቲ ኣብ ተመሳሳሊ ጸፍሕን ስራሕን ዘለዉ ሰራሕተኛታት ዘሎ ናይ 20% ናይ ደሞዝ ፍልልያት፡ ኣብ ዓመት ብደረጃ ሃገር ናይ ኣስታት $799 ቢልዮን ዶላር ፍልልይ ከም ዝህሉ ይገብር። እቲ ዝርርም ድማ ነቲ ከምዚ ዓይነት ኣድልዎ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት፡ ርትዓውን ምኽንያታውን ምኽኑ ንምእማን ብዙሕ ነጥብታት የልቦን። እዚ ዝድርዕ ካልእ ተመሳሳሊ መጽናዕቲ ከም ዘመልክቶ'ውን ደቂኣንስትዮ እቲ ሃገር ዘለወን ኩነታት ሽቕለት፡ ብዓሌት ወይ'ውን ዜግነት፡ ዓይነትን ቦታን ስራሕ ዝጽሎ እኳ እንተኾነ እቲ 38% ግን ካልእ ምኽንያት ዘይብሉ፡ ጾታ ጥራይ መጠቢ ዝገበረን ድርብ መዐየሪ ዘለዎን ምኳኑ ይንገር።

ብዘወገኑ፡ ኣብ ሃገራት ኤውሮጳ ኣብ ሓደ እዋን ኣጋጢሙ ካብ ዝበረ ፍጻመ፡ ንደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ክፉት ናይ ስራሕ ቦታ ማለት (vacancy) ዕድላት ዘይህብ ኣጋጣሚ እዩ። እዚ ብፍሉይ ነተን ኣብ ዝተፈላለየ ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ ከም መማህራን ኮይነን ክቑጸራ ዝደልያ ሰራሕተኛታት ደቂ-ኣንስትዮ ዝያዳ ዘተኸረ እዩ ነይሩ። ደቂ-ኣንስትዮ ምስ ዘለወን ባህርያዊ ተፈጥሮ፡ ኣብ መንጎ ናይ ስራሕ እዋናት በቲ ባህርያዊ ዝኾነ ናይ ወሊድን ቀልዓ ናይ ምዕባይ መድረኻትን ክጽለዋ ንብር እዩ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነት ድማ ካብ መኣዲ ዕዮ ንኸይእሊያ ተባሂሉ፡ ደቀን ኣብ ዘንብዝሉ እዋናት፡ እናተሸፍላ ኣብ ገዛአን ንዝተወሰነ ግዜ ደቀን ዝናብያሉ ባይታ/መሰል ይፈጥር።

እንተኾነ እዚ ብዓይኒ ረብሓ ተራእዩ ገለ ትካላት ነቲ ናብ ከምዚ ዓይነት መሰላት ዝፈስስ መጠን ገንዘብ ናብ ካልእ መዓላ ምስ ዝውዕል ዝያዳ ኣርባሒ እዩ ብዝብል ምስምስ፡ ብዘዘዋዋሪ መገዲ ነቲ ደቂ-ኣንስትዮ ናይ ምቑጻር ማሰርሕ ደው ኣበልኡ። ኣብ መብዛሕትኡ ክፉት ናይ ስራሕ ጻውዒታት ድማ ንደቂ-ተባዕትዮ ጥራይ ተባሂሉ ክወጽእ ጀመረ። እዚ ድማ ኣብ መንጎ ብዙሓት ደቂ-ኣንስትዮ ዜጋታት ሕቶ ከም ዝለዓል ገበረ። ኣብ ገለ ሃገራት'ውን ካብቲ ከም መሰረታዊ ናይ ትምህርቲ መሰላት፡ ውልቃዊ ምርጫታት፡ ፖለቲካዊ ሱታፌታት፡ ቁጠባዊ ሓርነትን ካልእን ዝኣመሰሉ መሰላት ዝግልላ ኣለዋ። ስለዚ፡ እዚ ዝተፈላለየ ድሕረ-ባይታን መለለዩን ዘለዎ ሕብረተሰባት፡ ኣብ ጉዳይ መሰላት ደቂ-ኣንስትዮ ዝኽተሎ ፖሊሲታት ኩሉ፡ ነቲ ፍልልያት የጽብብ ማለት ኣይኮነን።

ኣብ ናይ ሃገርና ክውንነት ምስ እንመጽእ፡ ሕብረተሰብና በቲ ኣብታዊ ዝኾነ ባህርያቱ ዝልለ ዓይነት ሕብረተሰብ እዩ ዝነበረ። እዚ ጸልዋታቱ ክሳብ ሕጂ ከምዝሎ ኣይክሓድን። ምስ ምምስራት ህዝባዊ ሓይልታት፡ ምብራኽ ብዝሒ ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ቃልሲ፡ ምስ ንጹር ዕላማታት ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራን ጸዑቕ ናይ ንቕሓት መደባትን ግን፡ ኣብ ኤርትራ ካብ ቅድሚኡ ዝበረ መድረኻት ሓደ ዓቢ ሰጉምቲ ሰጉሙ ምንባሩ ንጹር እዩ። ድሕሪ ናጽነት 1991፡ ኩሉም መግዛእታዊ ቃና ዝበርዎ፡ ኣብ ልዕሊ ጓል-ኣንስተይቲ ኣድልዎ ዝነብሩ ፖሊሲታት ብሓዲሽ ኩርናዕ ድሕሪ ምኽላስ ድማ፡ ዳግማይ ቃልሲ ናይ ድሕረ-ናጽነት ኣብ ሕቶን ተራን ጓል-ኣንስተይቲ ብዕቱብ ተታሒዙ። ዝኾነ ንሰብኣዊ መሰል ጓል-ኣንስተይቲ ዝደፍር፡ ዝድርት፡ ዘቖናጽብ ወይ'ውን ንኣብርክቶኣን ተሳታፍነታን ዝዕንቅጽ ድማ ኩሉ ኣብ ቅድሚ ሕጊ ተሓታትነት ከም ዝህልዎ ተገብረ። ንመሰላትን ሕቶ ደቂ-ኣንስትዮን ኣመልኪቱ ኣብ ሃገራዊ ቻርተርን ማክሮ ፖሊሲ ኤርትራን ዝሰፈረ መትከላት'ውን መርኣያ ንጹር መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ እዩ። ብብእዋኑ ንምድንፋዕ ተሳታፍነት ደቂ-ኣንስትዮ ዝወጽአ ዝበረ ኣዋጃት ድማ መቕጸልታ ናይዚ እዩ።

ኣብ 2001 ዝወጽአ ኣዋጅ 118፡ ንመሰል ዕዮ፡ ማዕረ ናይ ስራሕ ዕድል፡ ማዕረ ደሞዝ ከምኡ'ውን መሰላት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ እዋን ጥንሰን ሕርሰን ዘደንፍዕ ኩዩኑ ተረኺቡ። ኣብዚ ፖሊሲታት'ዚ ተዘርዚሩ ዘሎ ነጥብታት፡ ኣብ ኤርትራ ንደቂ-ተባዕትዮ ጥራይ ዝተሓዝአ ንደቂ-ኣንስትዮ ዘይግባእ ናይ ስራሕ ባይታ ከም ዘይህሉ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ድማ ጾታ ዝመጣጠሉ ኣድልዎ ከይህሉ ብንጹር ይድግፎ። ከም መርኣያ ናይዚ ድማ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ተዋፊረን ናይ ዝሰርሓ ብዝሒ ደቂ-ኣንስትዮ ብዘኣድ ኣሃዛዊ ቁጽሪ ይወሰኽ እዩ። እዚ፡ ክንጽር ብቑጽሪ ብዓይኒት'ውን ተወዳደርቲ፡ ኣፍረይትን ጸለውትን ደቂ-ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ኮይነን ክወጽኣ ቀጻሊ ወሀድ ስራሕ ይሓትት።

ኣብ 2015/2016 ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ኤርትራ እተን 51% ማለት 1,435,886 ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ ኣካል ናይቲ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ እየን። ኣብዚ፡ ናይ ሽቕለት ባይታ፡ ደቂ-ኣንስትዮ ዘለወን ዝርጋሐ ዝተፈላለየ ኮይኑ፡ ዝበዝሓ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ንግዲ፡ ኢደ-ስርሓት ከምኡ'ውን ክሳብ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ናይ መንግስቲ ተመዲበን ዝሰርሓ እየን። ብሓፈሻ ድማ ኣብቲ ዘይወግዓዊ ናይ ንግዲ ጽላት ዝዋፈያ ደቂ-ኣንስትዮ ብዝሐን 31.5% ክኾና ከለዋ፡ ካብኡ'ውን ኣብ ተመሳሳሊ ጽላት ዘለዉ ደቂ-ተባዕትዮ (27.3%) ከም ዝበዝሓ እቲ መጽናዕቲ ይሕብር።

ኣብ ሕብረተሰብና፡ ብልምዲ ካብ ዝደጋገም ኣበሃህላታት ሓደ፡ ኣብ ትሕቲ መንግስታዊ ኮነ ብሕታዊ ትካላት ተቖጺረን ንዘይሰርሓ ሰብ ሓዳር፡ ስራሕ ከም ዘይብለን ገይርካ ዝዝረብ ዘረባ እዩ። ዓለማዊ ውድብ ዕዮ ዝገበሮ መጽናዕቲ፡ ዘቤታዊ ዕዮ፡ ኣብ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ናይ ሓንቲ ሃገር ካብ 10% ክሳዕ 39% ኣስተዋጽኦ ከም ዘለዎ እዩ ዝሕብር። ኣብ 64 ሃገራት ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ኣብ ኣልያ ዘቤታዊ ስራሕ ዝጠፍእ ግዜ 16.4 ቢልዮን ሰዓታት እዩ። እዚ ማለት፡ 2 ቢልዮን ሰባት 8 ሰዓታት ንመዓልቲ እናሰርሑ ዝሸፍኑ ዕማም ምኳኑ ይንገር። ብዝውሓደ ክፍሊት እንተተሓሰቡ ድማ 11 ትሪሊዮን ዶላር ማለት እዩ። ስለዚ፡ ኣብ ዝተፈላለየ መንግስታውን ብሕታውን፡ ወግዓውን ዘይወግዓውን፡ ዘቤታውን ግዳማውን ስራሓት ተዋፊረን ኣብ ልምዓታዊ መደባት እዛ ሃገር ኣበርክቶ ዝገብራ ዘለዋ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ቀሊል ተራ ዘለወን ኣይኮናን። ከምዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ዘሎና ዕድላት፡ ፖሊሲታትን ባይታን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ናብ ረብሓና ክነውዕሎ ዝግባእ ብልጫታት ኣዝዩ ብዙሕ እዩ። እዚ፡ ክውን ንክኸውን ግን፡ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ደቂ-ኣንስትዮ ከኣ ብፍላይ ዝለዓለ ደረጃ ንቕሓት ክነውንን ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ድኻምነትና ብደረጃ ፖሊሲታትና ዘይኮነ ብደረጃ ትግባረ፡ ተሳታፍነትን ንቕሓትን ስለዝኾኑ። ኣብዚ መዳይ እኹል መለኽዒታት ሓይሊ ዝደለቦ ጓል-ኣንስትዮቲ ምፍጣር ድማ ቀንደን ቀጻሊ ጻዕሪ ዝደልዮ ዕማምን እዩ።

ምሕያል ዝበል ኣምር ምስ ጉዳይ ደቂ-ኣንስትዮ ተኣሳሲሩ ኣብ ዝመጻሉ እዋናት፡ ኣብ ገለ ገለ ኣጋጣሚታት ብጌጋ ክተሓዝ ዝስምዓሉ እዋናት ኣሎ። ምሕያል ዝበል ኣምር ግድን ንዝተናኸመ ጎድኒ ጥራይ ኣተኩሮ ዝገብር ኣይኮነን። ስለዚ፡ ምሕያል ደቂ-ኣንስትዮ ማለት ምልዋጥ ማሰርሕ ናይ ኣረኣእያ፡ ኣተሓሳስባ ከምኡ'ውን ባህላዊ ኣቃውማን እዩ። በዚ ማሰርሕ ድማ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ንማዕረ መሰል ዘድልየን ዓቕሚ፡ ስልጣንን ትካላዊ ሓይልን ይውንና፡ ዝያዳ ንመሰለን ደርድአን ይቃለሳን። እዚ ድማ ንኹሉ መዳያት ማለት ፖለቲካዊ፡ ማሕበራ-ቁጠባውን ባህላውን ጸፍሕታት ዝሓቍፍ እዩ።

እዚ ማሰርሕ እምበኣር፡ ንሓደ ወይ ክልተ ወገን ጥራይ ዝግደፍ ዕማም ዘይኮነ ናይ ኩሉ ወገን ሓላፍነት እዩ። ሓያል ጓል-ኣንስትዮቲ ሰራሕተኛ ምፍጣር ነቲ ትሰርሓሉ ትካል፡ ተገልግሎ ሕብረተሰብ፡ ተፍርያሉ ዘላ ሃገርን ቁጠባን ዝያዳ ዘርብሕ ምኳኑ ምግንዛብ ኣድላዪ እዩ። ስለዝኾነ ድማ ትካላት ኣብ ምሕያል ብቕዓት ደቂ-ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ዘተኩረ መደባት ብምስራዕ ወጽኢታዊ ንጥፈታት ክካየዳ የድሊ። ብቐንዱ ግን ሓይሊ ካብ ውሽጣዊ ድርኺት ዝፍጠር ከም ምኳኑ መጠን፡ እቲ ዝዓበየ ዕማም ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ገዛእ ርእሰን ዝገብራኦ ወፍሪ ምዕባይ እዩ። ዝዓበየ ወጽኢት ድማ ይህልዎ።

እዚ ክውን ምግባር ድማ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ጽላታት ሂወት ዘለወን ደረጃ ንቕሓት ክዕቢ የድሊ። ጎድኒ ጎድኒ ድማ ኣብ ኩሉ ዝተዋፈርናሉ ዕማማት ብኣድማዕነት ክንዋፈ የድሊ። ኣብ ዝተዋደደ ኮነ ኣብ ዘይተፈጥረ ዕድላት ድማ ውልቃዊ ተበግሶን ጻዕርን ምውሳድ ኣገዳሲ እዩ። ዘሎናዮ መድረኽ ካብ ዝጠልቦ ረቛሒታት ሓደ፡ ተወዳዳርን መሃዝን ክእለት ምውናን እዩ። ስለዝኾነ፡ ንበስና ኣብ ቀጻሊ ምድላብ ትምህርቲን ሞያን ክንጸምዳ ግድነታዊ ይኸውን። ብርእሱ-ተኣማንነት ድማ ኣብ ዝተፈላለየ ከበድቲ ዕዮታት ክሳተፋ ኣገዳሲ እዩ። ብዘወገኑ፡ ክውነትን ካብ ዘድሊ ዕጥቂ ሓደ፡ ምሕያል ውዳብ እዩ። ቃልሲ ዘረጋግጾ መሰላትና፡ ፖለቲካዊ ተሳትፎና፡ ሕጋጋትናን ኣዋጃትናን ብዝግባእ ክንፈልጦ ይግባእ። ዝኾነ ከም ሓደ መቃለሲ ባይታ ወሰድና፡ ረብሓታትና ከረጋግጻሉ ብደሆታትና፡ ሓይልናን ዓቕምናን እነለልየሉ ሓያል ውዳብ ምህላው ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ።

ብቐንዱ ሓያል ርእሲ ርእሱ-ተኣማንነትን ምውናን፡ ንትምህርትን ዝያዳ ዕቤትን ምጥማት፡ ንቑሕን ርትዓውን ኣረኣእያ ምውናን፡ ናይ ኣሓት መንፈስ ምፍጣር፡ ናይ ባህሪ ለውጢ ምምጻእ፡ ሓሳባት ምፍልፋልን ምክፋልን ወዘተ. ገለ ካብቲ ክንሰንቆም ዘሎና ዕጥቅታት እየም።

ደረጃ ንቕሓት ሕብረተሰብ፡ ኣብ ሓደ ለይቲ ተቐይሩ ዝሓድር ኣይኮነን። ንሱ ዝኸኣለ ነዊሕ ማሰርሕ እዩ። ስለዚ፡ ሕብረተሰብና፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ናይ ኣተሓሳስባ ለውጢ ክገብር ኣብ ቤትና ኮነ ኣብ ከምና እንገብሮ ወፍሪ ወሳኒ ተራ ኣለዎ። ደቂ-ኣንስትዮ ኣብዚ መዳይ ዘሎና ተራ ድማ ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ብዘወገኑ፡ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ብዙሕ ጽላታት ብቑጽሪ ውሑድ ዘይኮነ ዓቕሚ እኳ እንተለና፡ ኣብ ገለ እዋናት ንዝርአ ድኑጉትነት ናይ ተሳታፍነት ክንብድህ ግን የድልየና። ምኽንያቱ፡ ክፍጻብጥ እንደልዮ ማዕርነትን ክብጻሕ እንደልዮ ምዕባለን፡ ህላወናን ግብራዊ ተሳትፎናን ምስ ዘየኸዕ ጥራይ እዩ ክውን ዝኸውን። ብቐዓትናን ህላወናን እናሓየለ ክኸይድ ድማ መድረኽ ዝጠልቦ ሕቶ እዩ።





# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ዋንጫ ናጽነት፡ ኣብ ስታድዮም ኣስመራ ቀጺሉ

ግጥሚት ዋንጫ ናጽነት፡ ሓሙስ 13 መጋቢት ኣብ ስታድዮም ኣስመራ፡ ብዮጥሚት ኣርባዕተ ክለባት ቀጺሉ።

ፈለማ ናብ ሜዳ ዘምርሓ ጋንታታት ምምሕዳር ጉዳይፍን ፓራዲዞን እየን። ጸወታ ብዘሎምታ ኣብ ዝቐጸለሉ ዝበረ እዋን፡ ፓራዲዞ ናብ ልዕት ጉዳይፍ ኣብ ዝተጸገወትሉ፡ ኣብ ሻብዓይ ደቒቕ ፍጹም ቅላዕ ረኺበት። ብመገዲ መድሃኔ ኣብርሃ ሹቶ ኣመዝጊባ ደማ፡ መራሕነት ሓዚት። ቀጺላ'ውን ፓራዲዞ መጥቃዕታ ብምሕያል ተደጋጋሚ ፈተነ እኳ እንተኣካየደት ሹቶ ኣየመዝገበትን። ዕረፍቲ ክኣክል 4 ደቒቕ ምስ ተረፎ፡ ጉዳይፍ ብመገዲ ቃና መሉጌታ ሹቶ ብምምዝጋብ ደማ 1-ብ1 ናብ ዕረፍቲ ኣምረሓ።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ክልቲኤን ጋንታታት መራሕነት ንምሓዝ ሓያል ቅልስ ኣካየዳ። ጉዳይፍ ኣብ መበል 78 ደቒቕ ብመገዲ ሚሮን ዕቑባይ ካልኣይቲ ሹቶ ኣመዝገበት። ኣብ ዝቐጸለ ደቓይቕ ዝተመዝገበ ሹቶ ብዘይምካኑ፡ ብመራሕነት ጉዳይፍ 2-ብ1 ጸወታ ተዛዚሙ። የማነ ሃብቶም ካብ ጋንታ ጉዳይፍ ደማ ብሉጽ ተጻወታይ ተባሂሉ ተሰዪሙ።

ሰዓት 4:00 ድ.ቀ. ዝተራኸባ ቀይሕባሕሪ ምስ ኩባንያ ዕንጸይቲን ሓጺንን ሰምባል እየን ነይረን። ሰምባል ኣብ ቀዳማይ ዙር ሻምፕዮና፡ ንቀይሕባሕሪ ካብ መራሕነት ኣጕናዲባታ እያ። እዚ ክልቲኤን ጋንታታት ብሓያል ህልኽ ዝኣተወአ ግጥም ንጠፍ ምንቅስቓስ ዝዓብለሎ እዩ ነይሩ። ሰምባል ንመስመር ምክልኻላ ብምድልዳል፡ ናብ ልዕታ ዝተወርወራ ኩዕሶ ተበርዕኖም ብምባራ ንቀይሕባሕሪ ጸቕጢ ክፈጥረላ ተራእየ። ኣብ ሻምፕዮን ኮነ ኣብ ዘዋሪት ዋንጫ ዘይጠዓማ ቀይሕባሕሪ ንጽዋእ ናጽነት'ውን ከይተኸስራ ዝሰገረት ትመስል። ኩባንያ ሰምባል ኣብ 19 ደቒቕ ብመገዲ ናትናኤል ተኽለማርያም ብዘመዝገቦ ሹቶ ደማ 1-ብ0 ንዕረፍቲ ወጽአ።

ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ቀይሕባሕሪ ሓያል ምንቅስቓስ ኣብ ዘርኣየትሉ ኣብ መበል 54 ደቒቕ ፍጹም ቅላዕ ረኺበት፡ ብመገዲ ስምኦን ኣስመላሽ ናብ ሹቶ ብምቕያር ደማ ተመዓራረያ። ጸወታ ብማዕረ ወጽኢት ብምዝዛም ደማ ናብ ካልኣይ እብረ ግጥሚት ምሕላፈን ኣረጋገጻ። ተጻዋታይ ኩባንያ ሰምባል ናትናኤል ተኽለማርያም ብሉጽ ተጻወታይ ናይ'ዚ ግጥም ተሰዪሙ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ቀዳም 15 መጋቢት - ግጥም ሻምፕዮን ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓይሊ ኣየር ምስ ዕዳጋሓሙስ፡ ምምሕዳር ሰምባል ምስ ደንደን፡ ኩባንያ ህንጻ ሰገን ምስ ጉዳይፍ ካብ ፍርቂ መዓልቲ ኣትሒዙ ክካየድ እዩ። ሰንበት 16 መጋቢት ፍርቂ መዓልቲ ሻምፕዮን ደቂ-ኣንስትዮ ኢንሹራንስ ምስ ገጀረት ግጥም ክካየዳ እየን።

ብዘካዝ፡ ሰንበት፡ ዋንጫ ናጽነት ደቂ ተባዕትዮ፡ ሰዓት 2፡00 ፓራዲዞ ምስ ጉዳይፍ፡ ማይተመናይ ምስ ሓይሊ ኣየር ድማ ሰዓት 4፡00፣ ናይ ካልኣይ እብረ ግጥመን፡ ናይ መወዳእታ ኣውዲቐካ ምሕላፍ ክካይዳ እየን።





## ዓሰብ - ውድድራት ኵዕሶ እግሪ ገማግም ባሕሪ ይቕጽል

ብሓሙስ 13 መጋቢት ኣብ ዝተኻየደ ጸወታታት፡ ዞባ ደብባዊ ቀይሕ-ባሕሪ ኣንጻር ዞባ ደቡብ ገጢሙ። እዘን ክልተ ጋንታታት፡ ብማዕረ ሓሓንቲ ጸወታ ተሳዒረን ነይረን። ኣብቲ ዕለት ዝበረ ሓያል ንፋስ ነቲ ጸወታ ክጸልዎ ተራእዩ። ጸወታ፡ ሓደት ደቓይቕ ምስተሳዕለ፡ ዞባ ደቡብ ብመንገዲ ኣሚር ዓብዱ ሹቶ ብምርካብ 1-ብ0 ንጸወታ መሪሓ። ኣይጸንሐትን ዞባ ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ ብመንገዲ ሰራጅ ኣሕመድ ሹቶ ረኺባ ተመዓራሪያ። ቀጺላ ካብ ዑስማን ኣሕመድ ካልኣይቲ ሹቶ ብምርካብ 2-ብ1 ኮይና። በዚ ዝረኸበቶ ፍናን፡ ደብባዊ ቀይሕ-ባሕሪ ንጸወታ ምሉእ ብምሉእ ኣብ ትሕቲ ቍጽጽራ ኣእተወቶ። ብመንገዲ ሰራጅ ኣሕመድን ዑስማን ኣሕመድን ክልተ ሹቶታት ደሪባ መራሕነታ ናብ 4-ብ1 ኣግፍሓቶ። ጸሓል ደቡብ ካብ ኣቤል የማነ ካልኣይቲ ሹቶ ስለዝረኸበት፡ ንዕረፍቲ 4-ብ2 ወጺኡ።

ካልኣይ እብረ ጸወታ፡ ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ሰራጅ ኣሕመድ ሹቶ ወሲኻ መራሕነታ ናብ 5-ብ2 ክብ ኣበለቶ። ኣይጸንሐትን ደቡብ'ውን ካብ ኣሚር ዓብዱ ሹቶ ረኺባ፡ ጸወታ 5-ብ3 ቀጸለ። ድሕሪ ዝተወሰነ ደቓይቕ ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ ሕጂ'ውን ብመንገዲ ሰራጅ ኣሕመድ ሹቶ ኣመዝገበት። ጸወታ ድማ 6-ብ3 ቀጸለ። ሹቶ ምምዝጋብ ብኽልቲኤን ጋንታታት ዥረ፡ ደቡብ ብኣቢድ ኣሕፈሮም ሹቶ ረኺባ፡ ጸወታ ብመራሕነት ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ 6-ብ4 ናብ ካልኣይ እብረ ኣምረሐ።

ኣብ ሳልሳይ እብረ፡ ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ ፍጹም ቅላዕ ረኺባ። እንተኾነ ብመገዲ ዑስማን ዝተሃርመት ቅላዕ፡ ላዕለዋይ ዓንዲ-ልዳት ሃሪማ ወጺአት። ደብባዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ካብ ሰራጅ ኣሕመድ ክልተ ሹቶታት ወሲኻ፡ መራሕነታ ናብ 8-ብ4 ኣደልደለቶ። ኣብዚ ግጥም ፍጹም መትሓዚ ተሳኢንዎ ዝወዓለ ሰራጅ ኣሕመድ መሊሱ ክልተ ሹቶታት ብምውሳኽ 10-ብ4 ክትመርሕ ኣኽኣላ። ደቡብ'ውን ካብ ኣቤልን ኤርሚያስን ክልተ ሹቶታት ረኺባ ነይራ። እንተኾነ ምዱብ ግዜ ስለዝኣኸለ፡ እቲ ግጥም ብዓወት ዞባ ደብባዊ ቀይሕ-ባሕሪ 10-ብ6 ተዛዚሙ። ኣብዚ ጸወታ፡ ተጻዋታይ ደብባዊ ቀይሕ-ባሕሪ ሰራጅ ኣሕመድ 7 ሹቶታት ብምምዝጋብ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰምየ። እዚ ኣቓልቦ ተዓዚቡ ስሓቢ ዝርከብ ውድድር፡ ክሳብ 18 መጋቢት ክቕጽል እዩ።





## ኣርኖልድ ንመዛዘሚ ግጥም ካራባኦ ካፕ ይኸስራ

እንግሊዛዊ ተኸላኻላይ ሊቨርፑል ትረንት ኣለክሳንደር ኣርኖልድ፡ ብሰንኪ ዝወረዶ ማህሰይቲ ኣብ'ቲ ጽባሕ ሰንበት ምስ ኒውካስል ዝካየድዎ ናይ መዛዘሚ ግጥም ካራባኦ ካፕ፡ ኣይክሀሉን'ዩ።

እዚ ወዲ 26 ዓመት ተጻዋታይ፡ ኣብቲ ብሰለስ ምሸት ብዓወት ፒኢሲጂ ዝተዛዘመ ግጥም ሻምፕዮንስሊግ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ኣብ መበል 73 ደቒቕ ብዘወረዶ ማህሰይቲ እግሪ፡ ካብ ጸወታ ክእለ ምኻኑ ተሓቢሩ። ጃረል ኳንሳ ንዑትኡ ተኪኡ ኣብ'ቲ ግጥም ክሳተፍ ምኻኑ ሓቢሬታ ኣሎ። ሊቨርፑል ብዘይካ ንኣርኖልድ፡ ንኮኖር ብራድሊየን ጆ ጎመዝን እውን ብሰንኪ ማህሰይቲ ከሰራቶም ኣሎ።።

ኣሰልጣኒ ሊቨርፑል ኣርን ስሎት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ኣርኖልድ፡ ኣብ መዛዘሚ እዚ ግጥም ኣብ ሜዳ ኣይክሀሉን'ዩ። ቅድሚ ምዝዛም እዚ ዓመት ጸወታ ግን ክምለሰና ትጽቢት ይግበር፡" ኢሉ። ብተመሳሳሊ ኒውካስል ንልዊስ ሃል፡ ስቨን ቦትማንን ጃማል ላሰልስን ብማህበርቲ ከሰራቶም ኣሎ።

ሊቨርፑል ኣብ ሰሌዳ ፕሪምር ሊግ ብ70 ነጥቢ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዘላ ኮይና፡ ኒውካስል ድማ ብ23 ነጥቢ ካብ ሊቨርፑል ድሒራ ኣብ ሻድሻይ ተርታ ተሰሪዓ ኣላ።



## ቸልሲ ብ40 ሚልዮን ኤሮ ናይ መኣዝን ኣጥቃዓይ ክተፈርም ተሰማሚዓ

ቸልሲ ካብ ፖርቱጋላዊት ክለብ ስፖርቲን ሊዝበን ንናይ መኣዝን ኣጥቃዒ ጆቫኒ ኳንዳ ብ40 ሚልዮን ኤሮ ክተፈርሞ ተሰማሚዓ።

እዚ ወዲ 17 ዓመት ኣጥቃዒ፡ ኣብዛ ክለብ ንሽወዓተ ዓመት እንተ ተኻኢሉ ደማ ልዕሊኡ ዝጸንሕ ስምምዕ ውዕል ክኸይድ ትጽቢት ይግበረሉ። ቸልሲ ነዚ ፕ 18 ዕድመ ዘይመልኤ ተጻዋታይ፡ ኣብ ክራማት 2026 እያ ናብ ሜዳኣ ከተማዝዞ መዲባ ዘላ። በዚ ማለት፡ ኳንዳ ክሳብ ዝመጽእ ክራማት ምስ ክለቡ ስፖርቲን ክጸንሕ'ዩ።

ኣቐዲሙ ኳንዱ ኣብ ዓዲኒ ኣብ ስፖርቲን ኣሰልጣኒኡ ዝበረሞ ሕጂ ንማንቸስተር ዩናይትድ ዘሰልጥን ዘሎ ሩበን ኣሞሪም ኣትዩ ምንባሩ ይንገር።

ንበሉጽነትን ሓያሉነትን ተጻወቲ ናይ ምፍራም ልምዲ ዘለዋ ቸልሲ፡ ዝ. ኣብ 2024 ናብ ፖርቱጋላዊት ክለብ ስፖርቲን ዝጸምበረሞ ዛጊት ደማ 2 ሹቶታት ኣመዝጊቡላ ዝርከብ ተጻዋታይ፡ ብኽልተ መኣዝን ናይ ምጽዋት ሓይሊ ብቕዓቱ፡ ኣብ ጸወታታት ሻምፕዮንስሊግ ብዘይሎ ተሳትፎን እያ ዝያዳ ክትጥምቶ ክኢላ።

ቸልሲ፡ ኣብ ፕሪመርሊግ ምስ 1 ጸወታ ተረፎ ጸወታ፡ ብ49 ነጥቢ ኣብ ራብዓይ ደረጃ ዘላ ኮይና፡ ኣብ ሊግ ኤውሮጳ ደማ ንኮፐንሃገን 3-ብ1 ብምርታዕ ናብ ርብዒ ፍጻመ ሰጊራ ኣላ።



### መደብ ጸወታ

**ቀዳም**
ሻምፕዮን ደቂ-ኣንስትዮ 12:00 ድ.ቀ. ዝፍልም
ሓይሊ ኣየር - ዕዳጋ ሓሙስ
ምምሕዳር ሰንበል - ደንደን
ኩባንያ ህንጻ ሰገን - ጉዳይፍ

**ሰንበት**
ሻምፕዮን ደቂ ኣንስትዮ
ኢንሹራንስ - ገጀረት 12:00 ድ.ቀ.
ዋንጫ ናጽነት ደቂ- ተባዕትዮ
ፓራዲዞ - ጉዳይፍ 2:00 ድ.ቀ.
ማይተመናይ - ሓይሊ ኣየር 4:00 ድ.ቀ.

**ፕሪመርሊግ**

**ቀዳም**
ኤቨርተን - ዌስትሃም 6:00 ድ.ቀ.
ሳውዝሃምፕተን - ዎልቭስ 6:00 ድ.ቀ.
ማንሲቲ - ብራይተን 6:00 ድ.ቀ.
ኢፕስዊች ታውን - ኖቲንግሃም 6:00 ድ.ቀ.
ቦርንማውዝ - ብረንትፎርድ 8:30 ድ.ቀ.

**ሰንበት**
ኣርሰናል - ቸልሲ 4:30 ድ.ቀ.
ፉልሃም - ቶተንሃም 4:30 ድ.ቀ.
ማን.ዩናይትድ - ለሴስተር ሲቲ 10፡00 ድ.ቀ.

**ካራባኦ ካፕ**
ሊቨርፑል - ኒውካስል 7:30 ድ.ቀ.

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ፑቲን፡ ኩናት ደው ንምባል ቅድመ-ኩነት ኣቕሪቡ

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን፡ ሃገሩ ምስ ዩክሬን ንእተካየዶ ዘላ ኩናት ደው ናይ ምባል ግዜያዊ ስምምዕ ክኸትም ከምዝተሰማምዐ ብምግላጽ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ ተግባር ቅድሚ ምውዓሉ ግን ክትግበሩ ዘለዎም ቅድመኩነት ከምዝለወዎ ሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት ዝ. ዝገልጾ ዘሎ፡ ነቲ ዩክሬንን ኣመሪካን ኣቐዲመን ኣብ ስዑዲ-ዓረብ ዝተሰማምዓሉ ናይ 30 መዓልታት ምቍራጽ ተኹሲ ግብረ-መልሲ ኣብ ዝሃብሉ እዋን'ዩ።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎድሚር ዘለንስኪ



ብወገኑ፡ ንመልሲ ፕረዚደንት ፑቲን “በጃኻ” ክብል ብምግላጹ፡ ኣብ ልዕሊ ሩሲያ ተወሳኺ ጸቕጢ ክግበር ተማሕጺኑ ኣሎ።

ቭላድሚር ፑቲን ዝ. ብኣመሪካ ዝተኣመመ ግዜያዊ ስምምዕ ምቍራጽ ተኹሲ ኣመልኪቱ ምስ'ቲ ብሓሙስ ናብ ከተማ ሞስኮ ዝኣተወ ፍሉይ ልኡኽ ኣመሪካ ስቲቭ ዊትኮፍ ዝርርብ ከካይድ ትጽቢት ተገቢሩሉ ነይሩ።

እንተኾነ እቲ ዝርርብ ከምእተኻየደ ዝገልጽ ዛጊት ዝኾነ ሓበሬታ ኣይተፈነወን።

ፕረዚደንት ፑቲን ኣብ'ቲ ብሓሙስ ኣብ ሞስኮ ዝሃቦ ጋዜጣዊ መግለጺ፡ “እቲ ስምምዕ ምቍራጽ ተኹሲ፡ ንኹሉ ጠንቅታት ናይ'ቲ ጸገም ኣልጊሱ ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሕ ሰላም ዘምጽእ ክኸውን ኣለዎ” ድሕሪ ምባሉ፡ እቲ ስምምዕ ኣብ ተግባር ቅድሚ ምውዓሉ ክዛረብሉ ዘለዎም ብዙሓት ዛዕባታት ከምዘለዉ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ቮሎድሚር ዘለንስኪ እውን፡ እቶም ብወገን ሩሲያ ዝቐረቡ ቅድመኩነት ተግባራውያን ክኾኑ ከምዘይክእሉ ብምግላጽ፡ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ካብ'ቲ ስምምዕ ሰላም የድሓርሕር ከምዘሎ፡ ኣብ'ቲ ነቲ ዛዕባ ኣመልኪቱ ዝዘርግሖ ቪድዮ ከሲሱ።

ድሕሪ እቲ ኣብ ሞስኮ ዝተኻየደ ጋዜጣዊ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ ብዛዕባ እቲ ስምምዕ ምቍራጽ ተኹሲ ኣመልኪቱ ምስ ዩክሬናዊ መዘኻኡ ከምዝተረዳደአ ብምጥቃስ፡ ምስ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን ተራኺቦም ኣብ ሓደ መሰማምዒ ነጥቢ ክበጽሑ ድሌት ከምዘለዎ ሓቢሩ ኣሎ።

## ኣርመንያን ኣዘርባጃንን፡ ስምምዕ ሰላም ክኸትማ ተዳልየን

ሰበስልጣን ኣርመንያን ኣዘርባጃንን፡ ኣብ መንጎ'ተን ሃገራት ንልዕሊ 40 ዓመታት ዝቐጸለ ግርጭት ብሰላማዊ መንገዲ ንሓዋሩ መኽተምታ ንምግባር ውዕል ሰላም ክኸትማ ከምዝተሰማምዓ ሓቢረን።

እዘን ኣባል ሕብረት-ሶቭየት ዝነበራ ክልተ ጐረባብቲ ሃገራት፡ ካብ 1980ታት ኣትሒዘን እየን ኣብ ውግእ ተጸሚደን ጸኒሐን።

ኣካል ግዝኣት ኣዘርባጃን ዝኾነት ናጎርኖ-ካራባኽ ዝበሃል - ዝበዝሑ ኣርመናውያን ክነብሩላ ዝጸንሑ ኣከራኻሪ ዞባ፡ ብደገፍ ኣርመንያ ካብ ኣዘርባጃን ምስ ተፈልየ እዩ እቲ ውግእ ተላዒሉ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣርመንያ ብሓሙስ ኣብ ዝሃቦ ወግዓዊ መግለጺ፡



ብወገን ሃገሩ ንድፊ ስምምዕ ሰላም ተጻፊፉ ንፈርማ ድሉው ከምዘሎ ብምግላጽ፡ እቲ ናይ ምኽታም ስነ-ስርዓት መዓስን ኣበይን ንምክያዱ ምስ ሪፓብሊክ ኣዘርባጃን ክመያየጡ ምኽኖም ሓቢሩ ኣሎ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኣዘርባጃን ብወገኑ፡ ሃገሩ በቲ ተዳልዩ ዘሎ ንድፊ ስምምዕ ሰላምን ምምስራት ሓድሽ ምሕዝነት ኣብ መንጎ ክልቲአን ሃገራትን ዕጉበት ምኻና ሓቢሩ።

ኣዘርባጃን ኣብ መስከረም 2023 ንዞባ ካራባኽ ብሓይሊ ናብ ግዝኣታ ምስ መለሰቶ፡ እቲ ኣብ መንጎ'ዘን ክልተ ሃገራት ዝጸንሐ ረጽሚ ብሰላም ክዕረፍ ክልቲኦም መራሕቲ ከምዝተሰማምዑ ይዝከር።

ብተወሳኺ፡ እዘን ክልተ ሃገራት ዘራኽብ ን1 ሽሕ ኪሎ-ሜትር ተዘርጊሑ ዘርከብ ዶብ፡ ከቢድ ወተሃደራዊ ዕጥቂ ብዘዕጠቑ ወተሃደራት ክሕሎ ምጽንሑ ይፍለጥ።

## ትራምፕ፡ ኣብ ፍርያት ኣልኮል ኤውሮጳ ልዑል ታሪፍ ክገብር ወሲኑ

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ሕብረት ኤውሮጳ ነቲ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ኣመሪካ ዝኾነ ዊስኪ ወሲኑዎ ዘሎ ታሪፍ ብቕልጡፍ እንተዘይኣልዩዎ፡ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ እቲ ካብቲ ሕብረት ዝኣትዋ ኣልኮላዊ መስተ ናይ 200 ሚእታዊት ታሪፍ ክትሰልዕ ምኻና ኣጠንቂቑ።

ንሱ፡ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ኣብ ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ እቲ ሕብረት ኣብ ልዕሊ ፍርያት ኣመሪካ ዝኾነ ዊስኪ ወሲኑዎ ዘሎ ናይ 50 ሚእታዊት ታሪፍ ብህጹጽ ምስ ዘይሰርዞ፡ ናይ 200% ታሪፍ ብምስላዕ ሓያኽ ግብረ-መልሲ ክህቡ ምኻኑ ወሲኹ ኣተሓሳሲቡ።

ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ ካብ ኣመሪካ ዝኣትዎ ዊስኪ ታሪፍ ዘወሰነ ዘሎ፡ ግብረ-መልሲ ናይ'ቲ ኣመሪካ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ልዕሊ ካብቲ ሕብረት ዝለኣኽሉ ኣቻዮን ኣሉሚንየምን ተግባራዊ ዝገበረቶ ናይ 25 ሚእታዊት ታሪፍ ከምዝኸሰሰ ዝሕብር ዘሎ።

ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ፡ ዝ. ብሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ልዕሊ ፍርያት ሃገሩ ዝኾነ ዊስኪ ተወሲኑ ዘሎ ወሰኽ ታሪፍ “ነውራም” ክብል ገሊጽዎ ኣሎ።

ኮሚሽነር ንግዲ ሕብረት ኤውሮጳ ማሩስ ሸፍቾቪች፡ ነቲ ጉዳይ ኣመልኪቱ ድሮ ምስ ሱብመዚ ንግዲ ኣመሪካ ክዘራረብ ጀሚሩ ምህላው ገሊጹ።

ኤውሮጳ ዓመታዊ ናይ ልዕሊ 4.89 ቢልዮን ዶላር ክቢት ናብ ኣመሪካ ከምእትሰድድ፡ ጸብጻባት ይሕብሩ።

እንተደኣ እቲ ኣብ ልዕሊ ካብ ኤውሮጳ ናብ ኣመሪካ ዝኣቱ ኣልኮላዊ መስተ ተወሲኑ ዘሎ ታሪፍ ተግባራዊ ኮይኑ፡ ኣብ ምፍራይ ኣልኮላዊ መስተ ተዋፊሮም ዝርከቡ ብዙሓት ዘለዎም ሰብ ዋኒን ስራሕ ኣልቦ ክኾኑ ከምዝኽእሉ፡ ክኢላታት ይእምቱ።

ዝዓበየ ናይ ንግዲ መሻርኽቲ ኣመሪካ ዝኾና ኤውሮጳን ካናዳን ነቲ ዶናልድ ትራምፕ በብእዋኑ ዝስልዮ ዘሎ ናይ ታሪፍ ወሰኽ ንምቅዋም፡ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ ካብ ኣመሪካ ዝለኣኹ ንግዳዊ ፍርያት ተመሳሳሊ ስጉምቲ ይወስዳ ከምዘለዋ ይፍለጥ።




## ፓኪስታን - ጅሆ ተታሒዞም ዝጸንሑ ተጐዓዝቲ ናጻ ተለቒቖም

ሓይልታት ጸጥታ ፓኪስታን፡ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ እታ ሃገር ኣብ እትርከብ ዞባ ባሎቺስታን ብዘካየዶ ወተሃደራዊ ስርሒት፡ ካብ ዝተጨወየት ባቡር ጅሆ ተታሒዞም ንዝጸንሑ 346 ሰባት ከምዘድሓኑ ተሓቢሩ።



ኣፈኛ ሓይልታት ጸጥታ እታ ሃገር ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቲ ናይ ምድሓን ስርሒት ዝሓለፈ ረቡዕ ከምእተዛዘመ ብምጥቃስ፡ ኩሎም እቶም 33 ጨወይቲ ድማ ኣብቲ ስርሒት ከምእተቐትሉ ኣፍሊጡ።

ካብ'ቶም ተጨወይም ዝጸንሑ ልዕሊ 400 ተጓዕዝቲ፡ ሓደ ወተሃደር ዝርከቦም 28 ተሳፈርቲ ከምዝተቐትሉ ድማ፡ ኣብቲ ንማዕከን ዜና ኣል-ጀዚራ ዝሃቦ ሓበሬታ ገሊጹ።

እታ ባቡር፡ ዝሓለፈ ሰሉስ ልዕሊ 400 ገያሾ ኣሳፊራ ካብ ከተማ ኬታ ናብ ከተማ ፓሽዋር ትጓዓዝ ኣብ ዝነበረትሉ እዋን፡ ካብ ኣባላት እቲ ‘ሰራዊት ናጽነት ባሎቺስታን’ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዕጡቕ ተቓዋሚ ጉጅለ ብዘጋጠማ መጥቃዕቲ፡ ጅሆ ተታሒዛ ምጽንሓ ይዝከር።

እቲ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ነቲ ኣስታት 30 ሰዓት ዝቐጸለ መጥቃዕቲ ሓላፍነት ከምዝወሰደሉ ገሊጹ ኣሎ።

ባሎቺስታን ዝዓበየት ዞባ ናይ ፓኪስታን ኮይና፡ መንበሪ 15 ሚልዮን ህዝቢ እያ።

እታ ዞባ፡ ብሰንኪ ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ብዙሓት ዘለዎም ዕጡቓት ጉጅለታት፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝኣክል ጸጥታዊ ምርግጋእ ተሓሪሙዋ እዩ ዘሎ።

ኣብ 2006፡ ሰራዊት ናጽነት ባሎቺስታን ብኣመሪካን ፓኪስታንን ‘ግብረ-ሽበራዊ’ ተባሂሉ ከምዝተኣገደ ምንጭታት ይሕብሩ።

እዚ ዕጡቕ ጉጅለ፡ ኣብ ልዕሊ መገዲ ባቡር'ታ ሃገር ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት ክፍጽም ከምዝጸንሐ'ውን ጸብጻባት የመልክቱ።

## “ኣመሪካን እስራኤልን፡ ንፍልስጤማውያን ናብ ኣፍሪቃ ከግዕዝኦም መደብ ኣለወን” ተባሂሉ

ኣመሪካን እስራኤልን፡ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ዝነብሩ ፍልስጤማውያን ናብ ሱዳን፡ ሶማልን ርእሰ-ምምሕዳር ሶማሊላንድን ንምግዓዝ፡ ምስ መንግስትታት እተን ሃገራት ከምእተመያየጣ፡ ሰበስልጣን ኣመሪካ ሓቢሮም።

እቶም ሰበስልጣን ከምዚ ዝበለ ሓበሬታ ዝሃቡ ዘለዉ፡ ድሕሪ እቲ ፕረዚደንት ዶናልድ ትራምፕ “ንፍልስጤማውያን ካብ ወሽመጥ ቓዛ ከልግሶም ዝኽእል ኣካል የለን” ክብል ንጋዜጠኛታት መግለጺ ምሃቡ እዩ።

ይኹን'ምበር፡ እዚ ሕጂ ብሱመዚ ኣመሪካ ዝወሃብ ዘሎ ሓድሽ ሓበሬታ፡ ትራምፕ ኣብቲ ወሽመጥ ንዝርከቡ 2 ሚልዮን ፍልስጤማውያን ናብ ካልኦት ሃገራት ናይ ምግዓዝ መደቡ ገና ከምዘይተቐየረ ዘመልክት ምኻኑ ተንተንቲ ይገልጹ።

ኣመሪካን እስራኤልን ኣጀንዳአን ንምትግባር፡ እዘን ብሰንኪ ግጭታት፡ ድርቅን ጥሜትን ኣብ ከቢድ ጸገማት ተሸሚመን ዝርከባ ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ናይ ገንዘብ፡ ዲፕሎማስን ድሕነትን ደገፍ ክህባ ከምዝኽእላ ዝገልጹ ዘለዉ፡ ምኽንያት እዩ ዝበሃለ ዝነበሮ።



ምኽንያት እየን ዝሕብራ ዘለዋ።

ሰበስልጣን ሱዳን፡ ዝ. ብኣመሪካ ዝቐረበሎም እማመ ከምዝነጸግዎ ክሕብሩ ከለዉ፡ ሰበስልጣን ሶማልን ርእሰ-ምምሕዳር ሶማሊላንድን ግን፡ ብዛዕባ እዚ ዝበሃል ዘሎ ጉዳይ ኣፍልጦ ከምዘይብሎም እዮም ዝገለጹ ዘለዉ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም | 15/3/25 | ጎደና ሰላም ቁ. ገዛ 47 | 122350 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565